# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ. 212 | ረቡዕ 6 ግንቦት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ዝኽሪ ዛዛሚ ኲናት



ገጽ 5
"ቋንቋ ዓረብ ብምኽኣልና፡ ክንዲ ክልተ ሰለስተ . . .



ገጽ 9
ዋሕዚ ዓወት



ገጽ 11
ኣትለቲክስ - ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ተዋሂቡ




## ‘ቅነ ናጽነት ኣብያተ-ትምህርቲ’ ዞባ ማእከል፡ ብወግዒ ተኸፊቱ

ብምኽንያት ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት፡ “ጽንዓትና ዋሕስና!” ብዝብል ቴማ ዝተወደበ ‘ቅነ ናጽነት ኣብያተ-ትምህርቲ’ ዞባ ማእከል፡ ትማሊ 5 ግንቦት ኣብ ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ኣስመራ ሓፈሻዊ ብዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ብወግዒ ተኸፊቱ።

ኣብ’ቲ ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድን ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምበሳደር ዘመደ ተኽለን ብሓባር ዝኸፈትዎ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ መምህር በላይ ሃብተጋብር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ብጽንዓት ዝመጸት ናጽነት - ተዓቂባን ወቂባን ውሕስቲ ክትከውን፡ ሎሚ’ውን ከም ትማሊ ኣብ መትከልና ጸኒዕና ብተወፋይነት ክንሰርሕ ከምዝግባእ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ኣስታት 99 ሚእታዊት ተመሃሮ ኣብ ከባቢኦም ኣብ ዝተዋደዳ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ዝርከባ ትካላት ትምህርቲ ብቐረባ ይመሃሩ ከምዘለዉ ጠቒሱ፡ ዝተርፍ ብዙሕ ስለዝኾነ ግዱ፡ ንዝበረኸ ዓወት ብውህደት ክሰራሕ፣ ሞያዊ ዓቕሚ መምህራን፡ ርእሰ-መምህራንን






ስእሊ: ክብሮም ጸሃየ

ሱፐርቫይዘራትን ኩብ ንምባል ድማ ቀጻሊ ስልጠናታት ክውደብ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ’ቲ ያታዊ ምርኢት ብሄራት ብዘጠቓልል ባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኦታት ዝማዕረገ ስነ-ስርዓት፡ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን



ዝርከቦም ሰበ-መዚ ዞባን ሚኒስትሪ ትምህርትን ተረኺቦም ነይሮም።

‘ቅነ ናጽነት ኣብያተ-ትምህርቲ’ ዞባ ማእከል፡ ክሳብ 23 ግንቦት፡ ኣብ ኩለን ትካላት ትምህርቲ ማለት ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ብዝተፈላለየ መሰናድኦታት ክቕጽል’ዩ።

## ዓሰብ - ተርእዮ ሕማም ዓሶ ንምግታእ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ዝወደቦ፡ ኣብ ሜላታት ምክልኻል ሕማም ዓሶን ማይ-ወለድ ሕማማትን ዘተኩረ ኣስተምህሮ፡ ብ30 ሚያዝያ ንነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ሸኻይቶ - ንኡስ ዞባ ዓሰብ ተዋሂቡ።

ዕላማ ናይ’ዚ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ሜላታት ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብሓፈሻ፡ ኣብ ወቕቲ ክረማት ዝኸሰቱ ዓሶን ማይ-ወለድ ሕማማትን ድማ ብፍላይ ኩብ ብምባል ተርእዮ መልከፍቲ ንምግታእ ከምዝኾኑ፡ ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ዶ/ር ዓሊ ሓሎ ገሊጹ።

መልከፍቲ ሕማም ዓሶ ንምግታእ፡ ኩሎም ናይ ምክልኻል ሜላታትን መምርሒታትን ኣብ ተግባር ክውዕሉ ብምዝኽኻር ድማ፡ ብፍላይ ተጠቃምነት



ናሙሲያ ክረጋገጽ፣ ኮም ዝመርሖ ከባቢያዊ ጽሬት ድማ ብዝሰፍሐ ክደፋኣሉ ኣተሓሳሰበ።

ዶ/ር ዓሊ ኣብ መውዳእታ፡ ሕብረተሰብ ኮቲ ብሱቡሞያ ጥዕና ዝወሃቦ ምኽሪ ክሰዕቦን ኣብ ከባቢኡ ንዘሎ ዕድላት ሕክምና ብዕጠቱእ ክጥቀመሉን ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ኣሃዱ ምቁጽጻር ሕማም ዓሶ ኣብ’ቲ ዞባ መንእሰይ ዳኒኤል ጉብረሂወት ብወገኑ፡ ምስ ምብርታዕ ክረማት ንምርባሕ ጣንጡ ምቹእ ኩነታት ከምእተፈጥረ ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ኈዂ-ኈዂ ዕለታዊ ንጥፈታቱ፡ መራብሒ ጣንጡ ክኸውን ዝኽእል ክፉት ባኮታት፡ ዒላታትን ፈስቶታትን ክሸድንን ናሙሲያ



ብዕጠቱእ ክጥቀምን ተላብዩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ውሕስነት ጥዕና ልዕሊ ኩሉ ስለዝኾነ ስግረዶባዊ ሕማም ዓሶ ኣብ ዝተራእየሉ ከባቢታት ቅልጡፍ ስጉምታት ክውሰድ ኣዘኻኺሩ።


ጽንዓትና ዋሕስና ! ! صمودنا .. ضماننا !
OUR RESILIENCE: OUR GUARANTEE !

ዜና

# ደቡብ - ቅነ ባህልን ስፖርትን ተመሃሮ ተዛዚሙ




“ባህላውን ስፖርታውን ፌስቲቫል ተመሃሮ ንሃገራዊ ጥምረት” ብዝብል ቴማ ብጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ ተወዲቡ ካብ 1 ክሳብ 3 ግንቦት ኣብ ከተማ መንደፈራ ክካየድ ዝቖየ ስፖርታውን ባህላውን ውድድራት፡ ብውዕውዕ መንፈስ ተዛዚሙ።

እቲ ንማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዘሳተፈ ውድድራት፡ ግጥሚት ኩዕሶ እግሪ መርበብን ሰከቦትን፡ ከምኡ'ውን ውድድራት ድራማ፡ ቅብኣ፡ መዚቃ፡ ግጥሚ፡ ክትዕ፡ ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ምህዞን ሰንዓን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብ'ቲ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ህብትዝጊ ኪዳነ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝካየድ ባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታት፡ ተመሃሮ ተወሃሂቦም ንኽሰልጡ ብዓብኡ ከኣ ባህሎምን ክብርታቶምን ንኽወርሱን ታሪኽ ሃገሮም ንኽፈልጡን ሓጋዚ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ቅነ ካብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ዝተዋጽኡ ኣስታት 1000 ተመሃሮ ከምእተሳተፉ ዝሓበረ መምህር ህብትዝጊ፡ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ንዝተራእየ ውዕውዕ ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ብምምጓስ፡ ኣብ'ተን ሕጽረት ትሕተ-ቅርጺ ስፖርት ዘለወን ኣብያተ-ትምህርቲ ዝካየድ ንጥፈታት ንምሕያል ወሃዲ ስራሕ ይካየድ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብውልቅን ብደረጃ ኣብያተ-ትምህርትን ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።

# ሎጎ-ዓንሰባ - ልምዓት መስኖ ዓዲ-ንኣምን ጽቡቕ ውጽኢት ይርከቦ'ሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ፡ ኣብ ትሕቲ ዲጋ ዓዲ-ንኣምን ዝካየድ ዘሎ ልምዓት ጀራዲን ዕቤት የመዝግበን ጽቡቕ ውጽኢት ይርከቦን ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ኣልማዕቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኣቐዲሞም ዒላታት ብምኹዓትን ኣብ ክረምታዊ ዝናብ ብምምርኳስን ኣሕምልትን ፍረታትን ብምልማዕ ጠለቦቶም ኣማሊኦም ንዕዳጋታት ከቕርቡ ከምዝጀመሩ ብምጥቃስ፡ ምስ ምህናጽ ዲጋ ዓዲ-ንኣምን ትሕተ-ባይታዊ ማይ ናይ'ቲ ከባቢ ስለዝሓበተ፡ ሰፊሓት ዘልምዕዎ መሬት ብምውሳኽ ፍርያቶም ብዓይነትን መጠንን ንምዕባይ ምቹእ ባይታ ተፈጢሩ ምህላዉ ገሊጾም።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ንኣምን ኣቶ ካሕሳይ ኣምለሶም ብወገኑ፡ ዲጋ ዓዲ-ንኣምን ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ዝሰተ ማይ ሰብን ጥሪትን ፈጢራቶ ዘላ ማስተርሆ፡ ብውሱን ደረጃ ንዝካየድ ዝነበረ ልምዓት ማስኖ ድርኺት ከምዝፈጠረትሉ ኣረዲኡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ ድማ፡ ብውህደት ህዝቢ መንግስትን ሓይልታት ምክልኻልን ዝሀጸ ዘሎዋ ንኣሽቱን ማእከሎትን ዲጋታት፡ ሽግር ዝሰተ ማይ ሰብን ጥሪትን ኣብ ምቅላልን መጠነ ንኡስ መስኖኣዊ ሕርሻ ኣብ ምትብባዕን ዘይዝጓቕ ኣስተዋጽኦ ይገብራ ምህላወን ሓቢሩ።

# ሓጋዝ - ዕቃበ መበቈላውያን ኣግራብ ውጽኢት ተረኺብዎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡ መበቈላውያን ኣግራብ ንምዕቃብ ብምውህሃድ ህዝቢ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢን ኣባላት ሓለዋ ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘገዳምን ዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ዝምስገን ውጽኢት ተረኺብዎ።

ሓላፊ ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቶ ብርሃነ ንጉሰ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ሸበቓ፡ ዓድ-ኣረይ፡ ኣወንጃሊን ሓሸሻይን ብዝበዝሐ ብርሰት ኣግራብ ደርኣ ምንባሩ ብምሕባር፡ ሳላ ዝተኻየደ ንቕሓትን ቁጽጽርን ኣፍልጦን ነርቲ እናበረኸ ብምምጻኡ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ብኣብኡ ዝጥቀሳ ኩይናን ምህላወን ኣብሪሁ።

ምስ ምዕቃብ መበቈላውያን ኣግራብ፡ እንስሳታት ዘገዳም'ውን ይስስኑ ምህላዎም ብምጥቃስ፡ ኣብ ትካላትን ናይ እምነት ቦታታትን ዝውሰድ ዘሎ ተበግሶታት ምግራብ ብዝለዓለ ክድፋኣሉ ጸዊዑ።

ከባቢታት ጉዳም ጻዕዳእምባ፡ ምምሕዳር ከባቢ ኢዳምር፡ ኣሸራ፡ ዓድ-ዑመር፡ ፋናን ካልኦት ከባቢታትን ኣብ ምዕቃብ ኣግራብ ብኣብኡ ዝጥቀሳ ከባቢታት ምዃነን ብምግላጽ፡ ሓላሊፉ ዝርኣ ብርሰት ንምግታእ፡ ኣራሚ መቕጻዕቲ ከምዝውሰደን ኣዘኻኺሩ።

ነበርቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ኣብ ሓለዋ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ብዝተቐደ ዘሎ ዝተወሃሃደ ስራሕ ከባቢኦም ናብ ንቡር ይምለስ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ኣብ ሓለዋን ክንክንን ኣግራብ ኣበርቲዖም ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡ 38 ኣባላት ሓለዋ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ተዋፊሮም ከምዘለዉ፡ እቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቀ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቀ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣደም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቀ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቀ.ስ. 125013 - ቀ.ሳ.ጶ. 1284

# ማእከል - ኣሃዱ ኣታዊ ግብርን ቀረጽን ስሉጥ ኣገልግሎት ንምሃብ ይነጥፍ

ኣሃዱ ኣታዊ ግብርን ቀረጽን ዞባ ማእከል፡ ስሉጥን ጽፉፍን ኣገልግሎት ንምርግጋጽ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ኣሃዱ ኣቶ ሃብተ የዕበዮ ንኤረና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ህንጻ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዝሀቦ ኣገልግሎት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ማለት ቤትገርጊሽ፡ ፎርብየ፡ መጐዓዝያ ምድሪን ካልእን ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ብምትሕብባር ንጥፈታቱ ከምዘዛይም ሓቢሩ።

ንዊሕ ዓመታት ዕዳኦም ዘጸፈፉ ነበርቲ፡ ናብ'ቲ ዝሃቦሉ ምምሕዳር ሓበሬታ ብምልኣኽ ከምዝሽፍሉ ንምግባር ጻዕሪ ከምዝካየድ፣ ተገልገልቲ ከማልእዎ ዘለዎም ሓበሬታ ደማ ቡቡእዎ ከምዘውሃብ ዝጠቐሰ ኣቶ ሃብተ፡ ሓላሊፉ ብወገን ወረስቲ ዝርኣ ናይ ምኽፋል ዝሕታለ ክእረም ተላቢዩ።

ኣብ'ቲ ኣሃዱ ሓላፊ ተሓዝቲ ገንዘብ ኣቶ ሓጎስ ካሕሳይ ብወገኑ፡ ዓማዊል ጽፉፍን ስሉጥን ኣገልግሎት ንክረኽቡ፡ ሰነዳቶም ኣጻፊፎም ክቐርቡ ተማሕጺኑ።

# ባጽዕ - ‘ሰልጠንቲ ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት’ ዑደት ኣካይዶም

ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ባጽዕ፡ ኣብ መበል 11 ዙርያ ንዝሰልጥኑ ዘለዉ መንእሰያት፡ ብ2 ግንቦት ናብ ታሪኻውን ልምዓታውን ቦታታት ዑደት ወዲቡ።

እቲ ዑደት፡ ፋብሪካ ታኒካን ፖሊ-ፕላስቲክን ምጽዋዕ፡ ብዓል-መዚ ወደብ ባጽዑ፡ ታሪኻዊ ማስገዲ ሱሓቡ፡ ሓይሊ ኤለክትሪክ ሕርጊጎን ዲጋ ጋሕቴላይን ዝሸፈነ ነይሩ።

ዕላማ ናይ'ቲ ዑደት፡ መንእሰያት ታሪኾም ከምኡ'ውን ኣብ ከባቢኦም ዝሰላሰል ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ንኽፈልጡ ከምዝኾነ፡ ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ባጽዕ ኣቶ ንጉሰ ግርማይ ገሊጹ።

ዑደተኛታት ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ገለ ካብ'ቲ ዝበጽሕዎ ትካላት፡ ምስ'ቲ ዝሰልጥኑሉ ዘለዉ ዓውዲ ዝተኣሳሰር ብምዃኑ፡ ኣዝዩ ኣጉዳሲ ኩይኑ ከምዝረኸብዎ ገሊጾም።

# ፎርቶ-ሳዋ - ን20 ስንኩላን ተመሃሮ ደገፍ ተገይሩ

ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ፡ ን20 ስንኩላን ተመሃሮ ናይ መጽዓኛ ሓገዝ ገይሩ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ እድሪስ መሓመድ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሓገዝ ዝተገበረሎም ስንኩላን ኣቐዲሞም ኣብ 10 ምምሕዳራት ከባቢ ብዝተኻየደ መጽናዕቲ ዝተለለዩ ምዃኖም ብምጥቃስ፡ ነፍሲ-ወከፎም ናይ ኣድማን ኩርሻን ደገፍ ከምእተገበረሎም ገሊጹ።

ኣቶ እድሪስ ኣሰዪቡ፡ እቲ ናይ ምንቅስቓስ ጸገም ተፈቲሑ ስለዘሎ፡ እቶም ዜጋታት ትምህርቶም ብልዑል ተገዳስነት ተኸታቲሎም ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሑ ተላብዩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ መምህራን ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይካኣሎ ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ ንዝርከባ 15 ስድራ ስውኣት፡ ገንዘባዊ ደገፍ ገይሮም።

እቲ ካብ ወርሓዊ ደሞዞም እናዋጽኡ ዘዋህለልዎ 70 ሽሕ ናቕፋ፡ ንነፍሲ-ወከፍ ስድራ ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ ከምእተመቓረሎ፡ ርእሰ-መምህር ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይካኣሎ መምህር ርእሶም ንብረሂወት ሓቢሩ።

# ዝኽሪ ነዛሚ ኩናት ጉዕዞ ኣሃዱና ናብ ኣስመራ

## ህዝቢ ኣስመራ ተዋሳኣይ፣ ኣስመራ መድረኽ ድራማ



ግርማይ ወልደግዮርጊስ (መንከኒኖ)

(6ይ ክፋል)

ኣነን ብጻየይ ብዕሎን፡ ሽሕ'ኳ ዕጥቅና ፍኹስ ዝበለ እንተነበረ፡ ካብ ወጋሕታ ክሳብ'ቲ ናብ ገዛና ዝኣተናሉ ካብ ዝጠንና ስለ ዘይወረደ፡ ኮብስና ጸላዕላዕ ክብለና ጀመረ። ገዛና ምስ ኣተና፡ ዝበሃል ግዲ ዘይመስሎም ኮይኑ "ዕጥቅኹም ኣውርዱ" ዝበለና ኣይነበረን። እንተኾነ ኣነን ብዕሎን ብመንፈስ ዝተረዳዳእና ክንመስል፡ ፍትሕ ኣቢልና ንድሕሪና ዘው ኣበልናዮ። እቶም ዝከኣሱ ቀልዑ ኣዒንቶምን መንፈሶምን ናብኣተን ወርዊሮም ክቐራርቡ ፈተኑ። እቶም ዝዓበዩ "ኣቱም ቀልዑ ቅርብ-ቅርብ ኣይትብሉ ጠንቡላ መጻወቲ ኣይኮነን፡ ከይትልክሙና" ብምባል ፍርሖም ብዝጎህድ ክገንሕዎም ጀመሩ።

ኣብ ርጉእን ንብርን ቁጠባ ኣይኮነን'ዶ ንሓደ ድሕሪ ዓመታት ሞትን መግዘእትን ፈንጢሱ ዝመጽኣካ ውሉድካ፡ ንወዲ ጎዛውትኻ'ውን ናይ ደስደስ ምኽት ኢኻ ከተውድቕ ትደናደን። እንተኾነ፡ ህዝቢ ኣስመራ መላእ እቲ ንብር ሰለስተ ግዜ ንመዓልቲ ምብላዕ'ውን ዘሰኣነሉ፡ ዝኸድድ ዕንጸይቲ ተሳኢኑ ክሳብ ንብረቱ ምንዳድ ዝጀመረሉ፡ ሓንቲ ኣደ መኾነ እንተ ኣጉዱ፡ ኣብ ዝረሰነ መኾነ ንምስንካት ኣንስቲ ጎረቤቡቲ ሪጋ ዝሕዛሉ፡ ኣብ ሓደ ካንሸሎ ናይ ዝኮብሩ ሰብኡት ምሳሕ፡ ቡታ ቀዲማ ዝሰንከተት ዝዕጸወሉ፡ "ዝበከ ኣካሒዳ" ዝበሃል መግለጺ ሕሱም እዋን ንምዝኽር ዝተቐራረበሉ ሕማቕ እዋን እዩ ነይሩ። ካብ ህዝቢ ናይ ተጋደልቲ መካብብሮ ዝሕሸሉ ህሞት'ዩ ነይሩ። ረድኤት ምጽባይ ኣብ ሪጋ ምውዓል ንብር ህይወት ተወሲዱ፡ እቶም ጸግዕን መጋበርያን መግዛእቲ ዝኾኑ ዓደልቲ ረድኤት ጸገቦም ዝሓድሩሉ፡ እቲ ካልእን'ከ ኣብ ድንጋጸ ጎሓላሉ ወዲቑ ዝነበረሉ ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት (ባሪትን ኣብያተ መግብን) ሙብራህቲ (ኤለትሪክ) ምጥፍኡ ከይኣክል ሽምዓ ተሳኢኑ ብዘይቲ ዝሰርሕ ቀንዴል ብምጥቃመን በሎፍናትን መናድቐንን ጠቍሩ፡ ከተማታትና ናብ ጭው ዝበለ ገጠር ዝተቐየረሉ ሕሱም እዋን'ዩ ዝነበረ።

ክንዲ ዝኾነ ሰድራና ከም ኩሉ ሰድራ-ቤታት ኣስመራ ዝለዓለ ትሕዝቶኦም ሻሆን ባንን ብምንባሩ፡ ሻሂ ፈሊሖ ብባኒ ኣቋሲና ክንዝበልዕ ተዓደምና። ኑቶም ኣቡቲ ገዛ ሓጎስ ንኺካፈሉ ዝመጽኡ'ውን ባህሊ ኮይኑ ሻሂ ስተዩ እኳ እንተበሉዎም ገሊኦም "ኣብኡ ጸኒሕና! ሕጂ ቀሪስና - ንዓም ተጋደልቲ ኣሕዋትና ደኣ ተኸናኸኑልና" ክብሉ ከለዉ ገለ ድማ "እዛ እሱቶሞኮ እትብሃል ምስ'ዚ ባኒ ኣባኢሳትኒ'ያ" ገለ ድማ "እዚ ናጽነት ዘምጽአ ሓጎስ ዝመልአ ኩብድና ምጉዳል ኣብዩ፡ ንዓም ደቅና ጥራይ ኣብልዑልና" ብምባል ኑዛ ውዕይቲ ማይ ርኡይ ቀልዓለም ገበሩላ። "ኣየ ግዜ!" በልኩ ብልበይ።

ኩሎም ኣጋይሽ፡ ንኣና ከም ፍሉያት ፍጥረት ቆጺሮም ንኣበላልዓናን ኣሰታትያናን ብኣንክሮ ይዕዘቡ ነበሩ። ካቡቲ ኣብ ሙብልዒ ቁርሲ ተቐሪቡ ዝነበረ ቁራስ ውሑድ ኣልዒልና ምስ በላዕና፡ ሻሂ ክንደግምን ካቡቲ ቁራስ ከነልዕልን ድሮኺት ብዝተሓወሶ'ኳ እንተሓተቱና፡ ንሕና'ውን ሓጎስ ግዲ ኮይኑ ተጻዊኑና ዝበላዕና ዘይብልና ጸጊብና። እቲ ካብ ኩሎም ኣሕዋቱ ብዕድመ ዝደፍአ ሓወቦይ "እዚ መዕጸዊ ሸውሃት እትወስዱዎ ከኒና ሕጂ ዓዲ ምስ ኣተኹም ዘይትገድፍዎ ብሓደ ኣፊቱ!" በለ ብምጉርምራም፣ ንሕና ተጋደልቲ መድሃኒት መድረቕ ሸውሃት ከም እንበልዕ ርጉጽ ወሲዱ። ኣነን ብዕሎን ተጠማሚትና "ፍሽኽ" ብምባል ጥራይ መለስና።

ድሕሪ'ዚ ነታ ብየማናይ ወገን ተቐሚጣ ዝነበረት ዕጥቀይ ዓጢቑ "በሉ ሕጂስ ክንብገስ ብጾትና ድማ ኪይሻቐሉ" ብምባል ብድድ በልኩ። ብጻይ ብዕሎ እውን ብተመሳሳሊ።

"እሂ! ቁሩብ'ኳ ዘየዕለልና፡ ቋሕ ሰም!" በሉ ኩሎም ምብጋስና ባህ ከምዘይበሎም ብዘመልክት ኣገባብ።

"ኣሃዱና ኣበይ ከምዘሎ ስለዘይፈለጥና ግድን ክንከይድ ኣለና። ኣሃዱና ኣፍሊጥና ግን ክንምለስ ኢና" በልኩ፡ ናብ ምብጋስ እናደሃብኩ።

እቲ ልዕሊ ኩሎም ተሰማዓይ'የ ዝበል ሓወቦይ "ኑቲ ኣሃዱ ዝበልኩዎ ሓለቓኹም ኣበይ ከምዘሎ'ሞ ንገሩና ባዕለይ ከይደ ፍቓድ ክብሎ" በለ። ብጻይ ብዕሎ ፈኩስ ፍሽኽታ ኣሰንዩ "ኣቦ ኣሃዱ እንብሎ ዘለና፡ እታ ጋንታና ወይ ድማ ኑቶም ደቂ መቑርስና ማለትና እዩ" በሎ።

ሓወቦይ "ዶ! እቲ ቋንቋኹም ኣበይ ኢልናዮ- በሉ ብደሓን ተመለሱና" ድሕሪ ምባል ቅጽል ኣቢሉ "ቁሩብ ደኣ ደሃይ ናይቶም ናብ ገድሊ መኺይድኻ ኣሕዋትካ ደኣ ወስ ኣይትብለናን ዲኻ" ክብል እታ ዝፈርሓ ሕቶ ሰንደወለይ። ካልኦት'ውን ኑዛ ዘረባ መበገሲት ገይሮም "ሓቁ እዩ ኢያይ፡ ብዓል እከለ - እከለ" ብምባል ኣስማት ኣብ ምዝርዛር ኣተዉ።

"ሕጂ ከምዛ እትርእዩዋ ምስ ዘይዝሓለ ትንፋስናን ዘይተዓጽፈ ብርኽናን ኢና መጺእናኩም ዘለና፡ ክንምለስ ስለዝኾንና ሸዑ ብሰፊሑ ነዕልል" በልኩ። ብሓውሲ ህድማ ናብ ዝምርሸሉ መገዲ እናሰጎምኩ። ንሰጉምን ንኺድን ደኣ'ምበር ሕቶ ናይቶም ሰድራና ግን ደድሕረይ እዩ ዝሰዐብ ነይሩ።

ዝሓለፍናያ ጎደና ዝተጠወናያ ኣንገሎ ንኹሎም ደረጃ ዕድመታት ብዘውክሉ ሰባት መሊኣያ። እምበርዶ ኣብ ገዛ ዝተረፈ ሰብ ኣሎ'ዩ፧ እምበር'ከ ኣመት ናብራኡን ደቁን ዝገብር ኣደ ኣቦ ኣሎ'ዩ፧" ዘብል'ዩ እዩ ነይሩ። እቶም ካብ ደቂ 10 ክሳብ 15 ዓመት ዝዕድመኦም ቀልዑ ካላሽን ናይ ተጋዳላይ ይኹን ንብረት ክስከሙ ይቀዳደሙ ጥራይ ዘይኮነ ኣነ'የ-ኣነ'የ ብዘዓይኑቱ ይዋጠጡ ነበሩ። እቶም ልዕሊ 25 ዓመት ዝዕድመኦም ግን፡ "ከም መዛኡና ብረትና ተሓንጊጥና ብዓወት ከይንኣቱስ ኣብዚ ኮፍ ኢልና ጸኒሕና" ብዘዓይኑቱ ውሽጣዊ ጣዕሳ ዝተመልኡ ክመስሉ ቀው ኢሎም ጥራይ ይዕዘቡና ነበሩ።

ህዝቢ ኣስመራ ብምሉኡ ምባል ብዘከኣል ሓደ ዓይነት ተዋሳኢ (ትያትር) ወይ ምንቅስቓስ ክለማመድ ዝቖየ ክመስል፡ ኣብ ኩሉ ቦታ ሓደ ዓይነት ናይ ሓጎስ ምርኢት የርኢ ነበረ። ኣስመራ ድማ ካብ ቅድሚኡ ዝተፈልየ መሰረታዊ ለውጢ ዘለዎ ሓድሽ ድራማ ዝረኣየላ መድረኽ ተቐየረት።

ኣብ ማይ ኣንበሳ ኩለን ቦጦሎንታት ናይ ብርጌድ 35 ክፍለሰራዊት 88 ኣብ ትሕቲ ቀላሚጦስ ኣጽለላ። ልዕሊ እዘን ቦጦሎንታት እቲ ደሃይ ውሉዱን ሓዉን መቐርቡን ክሓትት ዝመጽአ ሰብ ዓበሊሉ ይርአ ነበረ። እቲ ፍሉይ ዝጉብሮ ድማ ነፍሲ ወከፍ ሰቡ ብኣዋጅ "ዝብላዕን ዝስተን ሒዝካ ከደም" ዝተባህለ ክመስል፡ ካብ ዘይብሉ ኣፍ ደቁ ዓጽዩ፡ ገለን ሻሂ ዝሓዘ በራድ፡ ገለን ቅጫ፡ ገለ ኣደታት ድማ ጣይታን ጸብሕን ሒዘን ምምጽኣን ነበረ። እቲ ኣቀባብላ ሓድሽ ነገር ኣይኮነን፡ ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። ፍሉይ ዝጉብሮ፡ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ህዝቢ ኣስመራ ኣብ ከቢድ ናይ መካብብሮ ጸገም ኣብ ዝነበረሉ ቀውጢ እዋን ምዃኑ እዩ። ስለዚ ሰድራቤታት ኣስመራ ኣብዘን ንሕና ዝኣተናለን ቅንያት ካብ ንስድራቤተንን ደቀንን ንተጋደልቲ ክዕንግላ ዘሕለፈኦ ግዜ ይዛይድ ምባል ምግናን ኮይኑ ኣይስምዓንን።

ኣብ ኩሎም ብሰውራ ኣቢሎም ዝተዓወቱ ቃልሲታት ከም እንግንዘቦ፡ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር፡ ዝጨበጦ ዓወታት ዝለዓለን ዝኸበረን ብምዃኑ፡ ንኡ ዝዳረግ ሆይሆይታ ከርእን ክፍክርን "ቱታ! ክብልን ቅያ ዝሰራሕኩ ኣኮ እየ ዝዓይኑቱ ትዕቢትን ልዕልናን ከርእን ትጽቢት ዝግበረሉ እዩ ነይሩ። እንተኾነ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር፡ ካብ ኑቲ ዓወት፡ ኑቲ ናብ ዓወት ዝወሰደ ላዕልን ታሕትን ሕሰምን መከራን ንኡ ኣብ ምስጋር'ዩ ወኑ ዘውጽእ። ስለዚ ናብ ዓወት ምስ ተበጽሐ ዝያዳ ኩሉ ድኻሙ ዘውጽኣሉ ዕረፍቲ እዩ ዝምነ።

ዝኾነ ኮይኑ ከተማ ኣስመራ፡ እቲ ኣብ ግዜ ደርግ ዘሕለፎ፡ ናይ ገዛ ሕዩር ምዃን ኣሰኪሑዎ ግዲ ኮይኑ፡ ጸላኢ ካብ ዝተጸርገላ ግንቦት 24/1991 ንደሓር ለይቲ ኣብ ዝማእመአ ቀትሪ ኣብ ዝሓረየ ቦታ ዘወን ኩብል'ዩ ዘውዕልን ዝሓድርን ነይሩ። ስለዚ ብልዓዊ ይኹን ድቃስ ተረሲዑ እዩ። ብፍላይ ሰኑይ ግንቦት 27/ 1991 ኣስመራ ካብ ጭልምልም ዝብል ቀንዴል ተገላጊላ ሓይሊ ኤለትሪክ ምስ ረኸበት፡ ኩሉ ሰብ ናጽነት ይምጉብ ኣብ ናጽነት'ዩ ዝድቅስ ነይሩ። እቲ ኣብ ከምዚ ዝጠቓቐሰኩዎ ዘኾማልአ ድማ፡ "ዘይሃገራዊ ወይ ገለ ኣቦሳ ዘለዎ'ዩ" ዝብል ትርጉም ተዋህቦ።

ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ኣስመራ ኣብ ማይ ኣንበሳ ክልተ መዓልታት ምስ ገበርና፡ ግንቦት 26-1991 ሰዓት ሰለስተ ናይ ድሕሪ ቀትሪ ተበገስ ኮይኑ፡ ብእግርና ግርሁ ዓዲ ንፋሰን በለዛን ጥሒስና እምባደርሆ ኣተና። ህዝቢ እምባደርሆ ብኸንድኳዊ ሓጎሱን ዕልልታኡን ክሳብ መዳቕሶና እንሕዝ ሰዓብና።

### ቀዳመይቲ ዝክረ ሰማእታት - ኣብ ቅነ ናጽነት

መንእሰያት ደቀንስትዮ እምባደርሆ፡ ኣይኮነንዶ ክስዕባኣሉ ንደቓይቕ'ውን ደው ኢለን ከዕልላሉ ዘይፍቀድ ሕሩም ዝነበረ ብማእከል ዓደን ዝሓልፍ ጽርግያ ኣስመራ ከረን፡ ድሙቕ ጓይላ ተኸለን፡ "ደቂ ኤረይ ተዓዊቶም ኣስመራ ኣትዮም ኣሩራት ሒዞቶም" እናበላ ኑቶም ንዓመታት ዘሳቐየወን ሕጂ ተማሪኾም እዝዋም ዘውደቑ ወተሃደራት ጸላኢ ኣኽቢበን ይሰዕስዓ ነበራ። እተን ቁሩብ ቁራቦ ጸጉረን (ወናጭር) እውን ምስኣን ንጆማ-ጸጋም ይዋቓዓ ነበራ። ነዚ ዝረኣየ ድማ እታ "ደቂ ኣሓኻ ቀሲንን ዝሰትያ ደኒንን - እቲ ምንታይ፧ ንዓኻ ኣሚነን" ንእትብል ደርፊ ወይ ብሂል ዘከረ።

እዘን ደቀንስትዮ እዚኣተን እቲ ካብ ዝኽረን ዘይሃሰሰ ብውዑዩ ዝነበረ ጭካነ ናይቶም ወተሃደራት እናተራእየን "ናይ ኢዶም'ዮም ዝረኽቡ ዘለዉ" ክብላ ትጽቢት ዝግበር'ኳ እንተነበረ፡ ኤርትራዊ ጭውነትን ሰብኣውነትን ብሕሉፍ ቂምታ ኣይተቐብረን። እዚ ዝተጠቕሰ ኣብ ቦታኡ ሃልዩ፡ እቲ ንምሩኻት ብምሕብሓብ ዝለለ ህዝባዊ ግንባር ድማ፡ ዝግባእ ሓገዙ፡ ኣይነፈገሎምን።

ድምጺ ሓፋሽ፡ ካቡቲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ህዝባዊ ግንባር ዝኣተወ መደበር ረድዮ ኣስመራ፡ ካብ ድሮ ናይቲ ናብ እምባደርሆ ዝኣተናሉ ዕለት ማለት 27 ግንቦት ጀሚራ ብዘይ ምቁራጽ ንሰሉስ 28 ግንቦት 1991 ንሰዓት ሓደ ድሕሪ ቀትሪ ኑቶም ዘይትትካእ ሂወቶም በጃ ኩልና ዝሓለፉ ሰማእታት ንሓደ ደቒቕ ናይ ሕልና ጸሎት ክግበር ምዃኑ ደጋጊማ ትሕብር ነበረት። ንሕና ድማ፡ እዛ ሰዓት ክትኣኽለልና ናይ ሕልና ምድላዋት ገበርና። ሰዓትና ሰዓት 12፡ 30 ትቐጽር ነበረት። በጦሎንና ምሉእ ዕጥቃ ዓጢቓ ናብ ዝተመርጸ ቦታ ወተሃደራዊ ቅጥዒ ኣማሊኣ ተቐረበት። እቶም ናይ ምትካስ ብቕዓት ኣለዎም ዝበሃሉ ብጾት፡ ብኣርባዕተ መኣዝናት ብሬናቶም ኣጻዊደም ድሉዋት ኮኑ። ዶሸካ'ውን ካቡና ቁሩብ ፍንትት ኢሉ ኣፉ ናብ ሰማይ ኣንቃዕሪሩ ንመውዳእታ ንጀጋኑኡ ከመስግን ድሉው ኮነ፡ ጸሓይ ኣብ ልዕሊ ርእሲ ኮይና ናባና ተቋምት ብምንባራ፡ ብዝያዳ ርእስና ንኽነድንን ሓገዘትና።

ሰዓት ሓደ ምስ ኣኸለ ኣዛዚ በጦሎኒ ሙሳኤል (መርዓዊ) ብተረርን ወተሃደራዊ ድምጽን "ተጠንቀቕ!" በለ'ሞ፡ ምልእቲ በጦሎኒ ኣብ ተጠንቀቕ ቆመት። ኣሰዒቡ "ሰጥ በል!" በለ። በጦሎኒ ከም ሓደ ሰብ ኣእዳዋን ኣእጋራን ኣሰሚራ ብሓደ ግዜ ብጸጋማይ እግሪ ባይታ ሃረመት'ሞ ከቢድ ድምጺ ፈጠረ። ድሕሪዚ "ዝክረ ሰማእታት!" ምስ በለ፡ ኩልና ክሳድና ናብ ባይታ ቀኒኑ፡ ኣዒንትና ጥራይ ዘይኮነ ሕልናን ምስ ሰማእታት ቀጥታ ርክብ ፈጢሩ ናይ ሕልና ዕላል ጀመረ። ካቡቲ ፈላሚ ሰወእ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ጀሚርና ንኹሎም ምእንቲ ሃገራዊ ክብረት ኣብ ዝኾነ ቦታ ዝተሰውኡ ውፉያት "ቀሰኑ! መረብትኩም ይቕሰን! ዕላማኹም ሸቶኡ ወቒዑ'ዩ ደጊምኩም ቀሰኑ!" በልና ምስናይ ኮረር ዝብል ንብዓት። እዚ ንብዓት እዚ ቅድሚ ሕጂ መጺኡና ኣይፈልጥን። ሽዑ ካብይ መጺኡ ክገርመና ጀመረ። ልዕሊ ኹሉ "ኤርትራውነት ሰም ጥራይ ዘይኮነ ግብሪ ምንባሩ ዘመስከረ ጉዕዞኦም፡ ሰጋ በራሲ'ዩ ዘይብርስ ግን ታሪኽ ምዃኑ ኣሚናም ዝኸፈልዎ መስዋእቲ፡ ኣብ ናይ መውዳእታ ምዕራፉ ከም ዝበጽሐ መስከርና፡ ብልጽግትን ኣብ ዝበረኸ መኣዝን እትሰርዕ ሕብንትን ዘይትድፈርን ኤርትራ ንምህናጽ ድማ ኣብ ቅድሚ ታሪኽ ቃል ንኣቱ" በልና።

እታ ናይ ዝኽሪ ደቒቕ ምስ ኣብቅዐት፡ "ዕረፍ" ተባህለ'ሞ፡ "ዓወት ንሓፋሽ!" ዝብል ልዕሊ እምባ ዝበርኽ ድምጺ በጦሎንና ተሰምዐ። ነዚ ዝኽሪ ሓበን እዚ፡ ብርቱዕን ጽዑቕን ድምጺ ዶሸካታትናን ብሬናትናን ኣዳመቐ።

**ይቅጽል . . .**

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## ተራ ስድራቤት፡ ኣብ ምዅስኳስ ደቆም

ኣብ ህይወት ቈልዓ ብቐረባ ዝሕተቱን ሓላፍነት ዝስከሙን ስድራቤቱ'የም። ስድራቤት ድማ ካብ'ታ ዝደቐቐት ክሳብ'ታ ዝዓበየት ህይወት ውሉዳ ብዝኽበን ናይ ምዕባይ፡ ሞራላውን ግዴታውን ሓላፍነት ኣለዋ። ወለዲ፡ ደቆም ኣብ ምእላይን ምክንኻንን ዕቱብ ክኾኑ እንተ ዘይክኢሎም፡ ከም ወጽኢቱ ክሽሎ ዝዘራእካዮ ምዕጻድ ዝሓልፍን ከቢድ ዋጋ ዘኽፍልን እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ግዜ ቈልዕነት ወይ ህጻንነት ኣብ ልዕሊ ውላድካ ክትጀምሮ ዝግባእ ክንክንን ሓልዮትን፡ ብስራ ሽለልትነት ምስ እትሰርሮ፡ መውጽኢታኡ ኣብ ጸገም ዘውድቕ ምኻኑ ምርዳእ።

ምኽርን ማዕዳን፡ ብሱፍልጠታዊ ኣጠማምታ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣዊ፡ ስምዒታዊ፡ ማሕበራውን መንፈሳውን ሓገዝ ንምሃብ፡ ብዙይ ዝኾነ ኽደዋ ስጉምቲ፡ ንጽገማት ኣብ ሞያ፡ ትምህርትን ረቂቕ ክእለትን ዝተመርኮሰ መፍትሒ. ምሃብ'ዩ። ኣብ ልዕሊ'ቲ ዘለካ ልቦና እንተ ዝወሰኹ'ኻ ከም ዝበሃል፡ ምኽርን ማዕዳን ብዚይ ናይ ዕድመ ፍልልይ ካብ ቈልዑነት ክሳብ ሽምግልና ከም ደረጃ ዕድመኡ ዝወሃብ እዩ። ከም ወላዲ በትርን ሓኽልን ሒዝካ ኽሒ፡ ቀጻሊ ቁጠዕ ባህርያት ብምዃጽብራቕ መኽረን ምዒደን ክትብል የኽእለካዩ፤ ኣብ ልዕሊ. ውሉደይ ዝፍጸሞ ኣራሚ ስጉምቲ፡ ማሳለይ'ዩ ዘብለካ እንተ ኾይኑ፡ ማሳልን ግቡእን ውሉድካ ምፍላጥን፡ ዘይምግዛስ ወይ ምኽባር ክርሳዕ የብሉን። ጉዳይ ዲሲፕሊን ኣብ ሓይሊ ዝተሓወሶ መቕጻዕቲ ወጽኢታዊ ኢልካ ምእማንን ብምኽንያት ምርዳእን ረብሓታቱ ክወዳደር ዘኮኣል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ፍቕሪ፡ ሰላም፡ ሓልዮትን ርህራህን ዝተሓረማ ስድራቤት ምፍጣር፡ ብዚይካ ህወክት ካልእ ማና ክንጸበ ኣይንኽእልን።

ናይ ሱሕበረተሰብ ጽሑፋት ከም ዝሕብርዎ፡ ስድራቤት ናይ መጀመርያ በት-ትምህርትን መሰረት ህንጸት ኣእምሮ ዝንጽፈላን ማሕበራዊ ትካል'ያ። ወለዲ በት-ትምህርቲ ከም ሓንቲ ካብተን ቀንዲ መሻርኽቲ ትካልን ካልኣይቲ ቤቶም ምዃናን ኣብ ህይወት ውሉዶም ኣብ ምምእዛን ደቆም፡ ዝዓበየ ኣበርክቶ ከም ዘለዋ ብግቡእ ዝርድእዎ'ዩ። ህጻናት ኣብ እዋን ትምህርቲ ዝጀምሩሉ ዕላማታት ትምህርቲ ብግቡእ ተረዲእዎም ብጠለብ ወይ ምርጫ ናቶም ዝጅመር ኣይኮነን። እንተ'ኾነ ደቅና ኣብ ግዜ ቈልዕነቶም ክብርታት ሕብረተሰብ ዝወርሱሉ መሰረት ዝበረ ትምህርቲ ምጅማሮም ኣገዳሲ ረብሓታት ኣለዎ። ኣብ ቤት-ትምህርቲ ተመሃሮ ፍልጠት ጥራይ ዘይኮነ ሞራል ወይ ሰ-ምምዕር ክብርታት፡ ልምድታት፡ ወግዕታትን ወዘተ ስለ ዝመሃሩ፡ ኣገዳስነቱ ብቐሊል ዝርአ ኣይኮነን። ኣብ ቤት-ትምህርቲ ምስ መዛኑኦም ብዙሕ እዋን ምሕላፍ ዝተፈላለየ መኸሰብ ዝርከቦ'ዩ።

ወለዲ፡ ምስ'ታ ትካል ውህደትን ጥምረትን ጸምዶ ምፍጣር ብቑዕን ኣፍራይን ዜጋ ኣብ ምፍራይ፡ ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ። ከም'ኡ'ውን ብዝዕባ ፍሉይ ተውህቦ ዘለዎምን ደንገዮም ወይ ቀስ ኢሎም ዝርድኦምን ቈልዑን መለለዪ ባህርያት ዝኸውን ሓበሬታን ሓገዝን ክረኽቡ ይኽእሉ። ወለዲ ምስ'ቲ ዘለዎም ሓፈሻዊ ኩነታት ደቆም ካብ ቤት-ትምህርቲ ዝረኽብዎ ሓበሬታን ተጠቒሞም ደቆም ዘለዎም ብልጫን ድኻምን ኣብ ድሕረብዩታኦም ዝምርኮስ ዓቕሞም ዘፍቅዶ ክስልጥን ኣፈናዊ ኣፍልጦ ክህልዎምን ይሕግዙ።

ካብ'ዚ ተበጊሶም ወለድን መምህራኖምን ተመሳሳሊ ርድኢትን ትጽቢትን ይህልዎም። ብፍላይ ኣብቶም ድኻም ዘርኣዩ ከም'ቶም ካልኦት ህጻናት ንቑሕ ተሳታፍነት ዘኸድሉም ኣይሰኣኑን። ሕማቕ ሰብ ዝበሃል ከም ዘየለ እናተፈልጠ ግን ኣዚ ሓቂ ዝኸዕዩ ነይርምን ኣለውን። ዝተወሰኑ ወለድን መምህራንን ኣብ ክንዲ ናይ'ቲ ህጻን ጸገም ኣብዩ ከምዝሎ ዝርድኡሉ፡ ዚጋጠሞ ጸገም ካብ ዕዳጋ ሽሚቲ ዝምጽኦ ይመስሎም። ዝተወሰነ ብጽሒት ከም ዘለልዑ ንኡሶም ሓረ ከውጽኡ ዝፍትኑ ብቕጽሪ ውሑዳት ወለዲ ኣይኮኑን። እንተ ውሓደ ተወርሶኣዊ ሽግራት ከይህልዎ. ቅንጣብ ምጥርጣር ዝወሃቦ ኣይመስለን፡ ብኣንጻሩ ተቐባሊኦም መቕጻዕትን መግናሕትን የዝንብሉ፤ "ወዲ ዓኘስ ብክልተ ይውቃዕ" ከም ዝበሃል እዩ ነገሩ፤ መላግጸን መሳሓቕን መዘናኦም ይገብርዎም።

እዚ ሚዛን ዘይሓለወ ርድኢት ዘለወን ስድራቤት፡ ኑቶም ንፉዓት ኢሎም ዝኣምኑሎም፡ ካብ መጠን ንላዕሊ. ንኢዶም ዘይጸግብዎም፡ ሞጎስ ወደሳ ወዘተ. ክምጥው. ይሰምዑ፤ ንዝፍዐ ውላድካ ምትብባዕ ሞራል ዝሀብ ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ዘሐይልን ቅዱስ ቅንኢ. ዘፈጥርን ብምዃኑ፡ ክልመድ ዝግበኦ'ኳ እንተኾኑ፡ ብዋጋ'ቲ ድኻም ዘርኣየ ውላድካ ክኸውን ኣይግባእን፡ ምናልባት ሓደ-ሓደ ግዜ እቶም ከም ድኹማት ዝልለዩ ወይ ወሰን ክእሉት ዘለዎም ደቆም፡ ስራሓቶም ኣብ ዘርእዩሉ፡ ንፊወሲ. ማሕለ'ውን ትኹን ሞራል ዝፍጉ ወለዲ ኣለው። ስውጢ. ካብ ድኻም ዘርኣዩን ዝተዓወቱን ብምህዛታቶምን ምርምራቶምን ብደረጃ ዓለም ብኣብነት ዝጥቀሱ ከም ዘለው. ንምእማን ዝኸኣሉ፡ ስድራቤታት ከም ዘለውን ከም ዝበሩን ዝኩሓድ ኣይኮነን።

ኩሎም ኣብ ህይወት ዘጋጥም ዝሓሸ ዕድል ኑቶም ፍሉይ ተውህቦ ዘለዎም ዝተሓዝኤ ዝመሳሰለን ስድራቤታት፡ ግሉይ መረዳእታ ዘለወን'የን። እዚ ዓይነት ርድኢት፡ ኣብ ዓወት ውሉዶም ሓቢንን ከርዓትን ሕቑፍ ዕምባባ ምብርካት ጥራይ ዝምልከተን ዝመስለን'የን። ውድቀትን ድኻምን ብፍላይ ምስ ጥሕሰት ሕግን ክብርታትን ዝምልከት ኣይንሕተትን፡ ብምባል ጾረን ዘራግፉን ሩፍታ ዝሰመዐን ይመስለን። ምዒደን መኸረን ረብሪቡ ደገም ወለድካ ፈትኖ፡ ኣፈይ ኣፍ ላም ብዝሰምዑ ኣብ እንግድዓ ኮም፡ ሕብረተሰቡ፡ ኣገልግሎት ሕጊ ዝህባ ትካላት ወዘተ. ምድርባይን ኣመዓራርያን ክህቦኻ ምጸባይን ምስ ምንታይ ይቑጸር፤ "ምስ መዕበዪኻ ጥፉእ ይብል ሕሱም ረጋሚ" ዝበል ኣበሃህላ ወለድና ውሽጦኻ ዝነድእ ኣይኮነን ዲዩ፤ ከም'ዚ ዓይነት ተግባር ኣብ ልዕሊ. ውሉድካ ምፍጻም ንጽባሕ ከይብልካ ብዝዕቦኻ ሰሬዶዎ ዝዓቢ. ሰእሊ. ንሓንቲ ካልኢት ሓሲብኩሉ'ዶ ትፈልጥ፧ ይትረፍ'ዶ ሰብ ካብ እንስሳ ዝሓሸን ዝበለጸን ኣእምሮን ባህልን ዘውንን፡ ኣብ ቤትካ ዘለማመድካዮ እንስሳ፡ ኣብ ልዕሊኡ ንዝፍጸም ጎድኡ ሕነኡ ካብ ምፍዳይ ተዛንዩ ኣይፈልጥን።

ሳዕቤናት ግጉይ ኣተኣላልያ፡ ገለ ውሉዶት ካብ መንገዲ ዓወት ዝረሓቑ ዝመስሎም፡ ንዕድሎም ብጹጋ እናተቐበሉ ህይወቶም ዝመርሑ ኣይሰኣኑን። ከም'ኡ'ውን ንዓና ተባሂሉ ዝተፈጥረን ወይ ዚጋጥም ጸገም'ዩ ኢሎም ዝኣምኑን፡ ኣብ ዓለም ብዙሓት ሰባት ብዝተመሳሰለ. ጸገም ከም ዝኹሩን ዘይፈልጡን፡ ተሰፋ ብምቑራጽ ምስ ዕድሎም ብምምራር ብስእነት ሓገስ ክሳቐዩ ይነብሩ። ከም ወጽኢቱ ድማ፡ እዞም ብማሕበራዊ ጸገማት ዝተሳቐዩ፡ ሓደ ሰብ ኣብ ልዕሊ. ክብርታት ሕብረተሰብ ይኹን ካልኦት ቀይዲ ምትሕልላፍ፡ ካብ ትሕቲ ዕድመ ጀሚሩ ክሳብ እኹላት ሰባት፡ ከም ንቡር ተግባር ዝወስድዎ፡ ቤት ማእሰርቲ ከም ቤቶም፡ እቶም ገበናትን በደላትን ድማ ከም ሞያ፡ ዝቐጽርዎ ብቐጽሪ ዘይቁጸሩ'ኳ እንተ ዘይኮኑ፡ ሕብረተሰብ ካብ'ቲ ንቡር ዝለመዶ ተርእዮታት ወጻኢ. ይዕዘብ ስለዘሎ፡ ካብ ስድራቤት፡ ኮም፡ ሕብረተሰብ ክይተሓለሉ ጸዕርም ከሐይሉ ብመንገዲ ህዝበን ፖሊስን ቀጻሊ. ሓበሬታን ትምህርትን ይወሃብ'ዩ። ስለ'ዚ. ጸገም ውሉድካ ኣዳቒቕካ ምፍላጥ ልቦና ደኣ'ምበር፡ ሓይሊ. ብዚይ ምጥቃምካ ምልክት ስንፍና ከም ዘጸምዕ ክትፈልጥ የድሊ።

ኣብ መደምደምታ ካብ ስድራቤት፡ ኮምን ሕብረተ-ሰብን ናብ ማሕበራዊ ጸገም ዘቃልዕ፡ ካብ'ቲ ንቡር ኣካይዳን ኣታዉበራን ሕብረተሰብ ኣንደልሂጽካ ምውጻእ፡ ኣብ ኩሉ ሕብረተሰብ ስለ ዝርኣ፡ ኣድማሳዊ ማሕበራዊ ተርእዮ ይህልዎ። ይኹን'ምበር እዚ ንስድራቤታት 'ከም ሰበይ እየ' ኢልካ ዘተዓሻሽውን ዘዘንን ኣይኮነን። ዝኾነ ሕብረተሰቡ ሰሪቱ ርግኣቱን ወህደቱን ሓልዩ ክኣብር ዘይደሊ የለን። እንተ'ኾነ ኣብ ውሽጢ. ክብርታት ሕብረተሰቡ ዝጥሕሱ ግዝያዊ ረብሓ ዘሰድዮምን ዕግበት ዝፈጥረሎም ዝመስሎምን ዝተወሰኑ ወገናት ከም ዘለው. ዘጠራጥር ኣይኮነን። ነቶም ዝጠቐሰናዮም ሕብረተሰብ ዋላ'ውን እንተ ተጸየፍዎምን እንተ ተጸየኖምን ከጉድሎምን ኩናኽሞምን ደኣ'ምበር ከጥፍኦም ኣይክእልን'ዩ። ስለዚ. ህልውናኡ ኣብ ስድራቤት መዓልታዊ ህይወት ብዘፍጽሙ ጥቡቕ ምክትታልን ሽለልትነትን ዝተሞርኮሰ እዩ። ስለዚ. እታ ስድራ በቲ ሕብረተሰብ ከይትነፍዐን ከይትሕመን ዘለዓለ እኛም ወይ ብጽሒት ስለዘለዋ፡ ካብ ህጻንነቶም ጀሚራ ኣብ ልዕሊ. ደቃ ግቡእ ምክትታል ክትገብር ትጽቢትን ሓላፍነት ይንበረላ።

ብዘወሳኺ. ብመንጽር እቲ ናትካ ማሕበራዊ ምስሊ. ነቲ ዘዕበየካ ሕብረተሰብ ስለ እትመስል፡ እወታዊ ምስልኻ ብኣሉታ ከይብለልን ከይደወንን ነቲ ብሕብረተሰብ ዘለካ ኑብሱክብርን እትረኽቦ ዕድልን ክትከሰርን ክትሕሰምን ስለዘይትደሊ'ዩ። ነዚ. ኣብ ላዕሊ. ዝተጠቕሰ ስድራቤታት ዘለዎም ብንዋይ ዘይልክዕ ክብሪ ንምዕቃብ፡ ውሉዶም ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ካብ ውሽጦም ዝበለስ ኑብሰ ግትኣት ከም ዘማዕብሉ ኣሚናም ብምህናጽ፡ ማሕበራዊ ክብርታት ጠቢቆም ከም ዝሕዝዎ ምግባር እዩ። እዚ. ድማ ባዕሎም ንቕሓቶም ብምብራኽ ብዚይ ዝኾነ ጸቕጢ፡ ተጸዕኖን ጎድኣን ክተባብዑን ክለዓዕሉን ርዒሞሞ ከም ዝኸዱን ብምግባር እዩ። ከም'ኡ'ውን ዕቑር ዓቕምታቶምን ጺጋታቶምን ኣለልዮም፡ ብሩህ መጻኢ. ከውሕሱ፡ ካብ ሎሚ፡ ጽባሕ ከም ዝሓይሽ ብንቕሓት ተገዚዞም ግብራዊ ስጉምቲ ኣብ ባይታ ከም ዘተግብርዎ ጥቡቕ ምክትታል ክገብሩ ይግባእ።

ስድራቤት ብሰንኪ. ሽለልትነትን ዘይዕቱብ ኣተሓሕዛን፡ ልሕሉሕ ምቁጽጻርን ሰዓቦም ዝመጽኡ ጥሕሰታት ክብርታትን በደላትን ሳዕቤኑ ንሓንቲ ንጽል ስድራቤት ዘሕምም ጥራይ ዘይኮነ ንኹሉ ብማዕረ ዝልብልብ እዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ክብርታቱ ተዓቂቦም ክኸዱ ዘድልየሉ ምኽንያት፡ ከም'ቲ ወለድና ዝበልዎ "ኣይትብዘሑ ኣይመርገምን እንታይ ደኣ ኣይትንፍዑ" ንዝበል ኣበሃህላ ስድራቤታት፡ ጸር ወይ ሽሾም ዘይትሓስ ማእገር ኮይኖም ዘዮዮ፡ ብሉጻት ዜጋታት መልሚለን ከበርክታን ዝፍርያ ምህናጽ'ዩ። እዚ. ካብ ውሉድ ወለዶ ክመሓላለፍ ዝጸንሐን ኣብ ውሽጢ. ክብርታት ሕብረተሰብ ተደሪዑን ሓይሉን ዝመጸን'ዩ። ስለዚ. ማሕበራዊ ንጥፈታትና ኣብ ኮም ዝሰረቱን ዝመርሖን ካብ ጥንቲ ዝጸንሑ ዓንቡ ነውራ ጌጋ ምግል ብዘይምሕላል ክቕጽልን ሓድሽ ወለዶ ከተርንዮን ይግባእ። ምኽንያቱ ወላድ ካብ ስድራቤቱን ከብሒኡን ተጸሊሉ ክዓብን ክኑበርን ናይ ምርጫ ጉዳይ ስለ ዘይኮነን ዘይከኣልን እውን እዩ። ኣብ ዝለዓለ ንቕሓትን ምዕባለን በጺሑን ዝበሃላ ምዕራባዊ ዓለም፡ ኣብ ማህደር ደቆም ተተኩሶትን ተባራዕትን ብምዕጣቕ ኣብ ልዕሊ. ተመሃሮ ህጻናት ሞትን መቑሰልትን ከም ዘውርዱ መዓልታዊ ዜና ኮይኑ ዝንገር እዩ። እዚ. ኩሉ እንሰምዖ ቅትለት ብሰንኪ. ነገራዊ ትሕዝቶ ምጉዳል ዘይኮነስ ዝበሉ ክብርታቶምን ባህሎምን ብምድርባይ ዓንብ ዝበል ካብ ስድራቤት፡ ኮምን ሕብረተሰብን ስለዝተሳእኑ ዝኸፍሉ ዘሎ ዋጋ እዩ። እቲ ዘርርም ድማ ኣዚ ከም ምዕባለን ጸቡቕን ኮይኑ ዝከመዩን ዝናፍቑምን ወገናትና፡ ኣብ ልዕሊ. ውሉዶም ኣይሰማን'ዶ ዓንብ ኢልካ ክትግብሉሉ፡ ጽገጽያ ዓይኑ ከይተንፍረሉ ኢሎም ዝቑጥዑን ዝካኣሉን ከምዝለዉ ዝኩሓድ ኣይኮነን። ይኹን'ምበር፡ እቲ ሓቂ "ቈልዓ ብንእሱ ቆርበት ብርሑሱ" ካብ ኮኑ ንደቕና ብንእሶኦም ዘድልዮም ክብርታትን ሓልዮትን ኣሰኒቕና ነዕብዮም።

ደበሳይ ሓድሽ

ኣሃዱ ኣረጋውያንን ግዳያት ማሕበራዊ ሕሰምን





## ሎሚ ኣብ ERI TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12፡00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12፡05 | መደብ ጥበብ |
| 12፡30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12፡50 | ዜና ስፖርት |
| 12፡55 | ተክ ኢንሳይት |
| 13፡30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13፡45 | መደብ ቴራብ |
| 14፡30 | ቀስተ ድሕነት |
| 14፡45 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15፡10 | ህርመት ካብ ዞባታት |
| 17፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17፡15 | ደርፌ |
| 17፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17፡45 | መደብ ማእገር |
| 20፡00 | ዜና (ትግረ) |
| 20፡15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21፡25 | ዶክመንታሪ |
| 22፡00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22፡10 | ድራማ |
| 22፡30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22፡40 | ፈንቅል |

# “ቋንቋ ዓረብ ብምኽኣልና፡ ክንዲ ክልተ ሰለስተ ሰባት ኰይንና ኣለና” ተመረቕቲ

ሪፖርታዥ

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

ቋንቋ ዓረብ ሓደ ካብቶም ዓለም ለኻውያን ዝኾኑ ወግዓውያን ቋንቋታት እዩ፡ ኣብ ብዙሓት ኣህዛብን ሃገራትን ዓለምና ድማ ይዝረብን ይዝውተርን። እዚ ቋንቋዚ ኣብ ርእሲ'ቲ ብብዙሓት ተዛረብቲ ምህላው፡ ኣገዳሲ ተራታውን ንኽትመሃሮ ድማ ዝቐስብን እዩ፡ እዚ ቋንቋዚ ምስ'ቲ ካልእ ከበባታት ዓለምና ክዕጸር እንከሎ፡ ብፍላይ ኣብ ዞባ ማእከላይ ምብራቓን ቀይሕ ባሕርን ዝርከብ ሃገራት ብዙሓት ተዛረብቲ ኣለውዎ። ድሕሪ ናጽነት ኣብ ሃገርና ትምህርቲ ቋንቋ ዓረብ፡ ብስሩዕ ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ኣትዩ ይስሳሰል ከም ዝነበረ ናይ ትማሊ ዝኽሪ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ እዩ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ንዕዙዝ ኣገዳስነት ትምህርቲ ቋንቋ ዓረብ ብምግንዛብ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ እትካየድ ቤት ትምህርቲ ዛግረ ቋንቋ ዓረብ ኣብ መፋርቕ 2020 ክትምስረት ዝኸኣለት። ዛጊት ድማ ንበዙሓት መንእሰያትን ኣደታትን ኣቦታትን ተኻፊልቲ ዕድል ናይ'ዚ ትምህርቲ ንክኾኑ ብምግባር፡ ኣቐዲማ 8 ዙርያታት ኣመሪቓ ኣላ።

ዓርቢ 24 ሚያዝያ 2026 ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ፡ ኣቦመንበር ሃማመተኤ ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን ዝርከቦም ሰብ ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ተመረቕትን ወለዶምን፡ ዕዱማት ኣጋይሽን ኣብ ዝተረኽቡሉ ሰነ ስርዓት መመረቕታ 9ይ ዙርያ ስልጠና ቋንቋ ዓረብ ብምዕሩግ ኣገባብ ኣብ ኣዳራሽ ዞባ ማእከል ተኻይዱ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ንገስጋስን ምዕባለን ቤት ትምህርቲ ዛግረ ኣመልኪቱ ቃል ዘስመዐ ዳይረክተር እቲ ቤት ትምህርቲ መምህር ኣሕመድ ዑመር ሸኽ እዩ። ንሱ፡ “እዛ



ኣሕመድ ዑመር ሸኽ

ቤት ትምህርቲ ንዓይ ግዜኣ ተመርቕ ከም ዘላ ብምሕባር፡ ኣቐዲሞም ኣብ ዝሓለፉ ተኸታተልቲ ዙርያታት ካብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት፡ ህግደፍ ጀሚርካ ኣብ ኩለን ሚኒስትሪታት፡ ማሕበራት፡ ኮሚሽናት፡ ኮለጃት ... ካልኦት ትካላት መንግስትን ኣስታት 2000 ተመሃሮ ከም ዝተመረቑ ሓቢሩ።

ንሱ ቀጺሉ፡ ንሕና ኤርትራውያን ከም ህዝብን ሃገርን ኣብ ቋንቋ ዓረብ ዝዘረብሉ ስትራተጅያዊ ከባቢ ብምህላውና ትምህርቲ ቋንቋ ዓረብ ዕዙዝ ከም ዝጉብኦ ኣረዲኡ። ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ዓረብ፡ ምስ ኣካዳምያዊ





ካንክሎም ብዘሎማማዕ ኣገባብ በበእዋኑ ክለሳ እናተገብረሉ ናይ ምምሃር ምስትምሃር ስርሑ ከም ዘሰላስል ዝሓበረ መምህር ኣሕመድ፡ ኣብ ቀጻሊ ምስ ምድላብ ተመኩሮታት፡ ዘለዉ



ንኣሽቱ ብደሆታት እናተዓብሱ መደባት እናሰፍሑ ከም ዝኸዱ ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ ቁጽሪ ተመረቕቲ 9ይ ዙር 301 ከም ዝኾኑ ብምጥቃስ፡ ብዝበዛ እቶም ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ ዝመጹ መንእሰያት፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ድሕነት፡ ፖሊስ ኤርትራ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግረሽንን ዜግነትን፡ ሚ/ሪ ሕርሻ፡ ሚ/ሪ ፍትሒ ኣኣብ ትካሎም ዝተመዝገቡ መንእሰያት ይምረቑ ከም ዘለዉ ገሊጹ። ንመምህራንን ተመሃሮን ብዓቢኡ ንሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራን ድሕሪ ምምጓስ፡ ብሓፈሻ ነቲ መደብ ንምዕዋት ዝጻዐቱ ዘለዉ ኣካላትን ትካላት መንግስትን ኣማስጊኑ። ንሱ ኣብ መወዳእታ፡ እዚ ትምህርቲ'ዚ ክመሃር ንዝደሊ ሰብ፡ ብዝይ ገደብ ንኹሉ ዕድመ ዝኣትፍን ክፉትን ከም ዝኾነ ደምዲሙ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ነቲ ጽንብል መመረቕታ ንምምዕራግ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ናይ ካራት ትምህርቲ ዝወሰዱ ዘለዉ መንእሰያት ቤት ትምህርቲ ዓራግ፡ መሳጢ ዝኾነ ምርኢት ታያትንዶ ናብ ተዓዘብቲ ኣቕሪቦም። እዚ ምርኢት ሱሓቢ ብምንባሩ፡ ነቲ ስነስርዓት መመረቕታ ሕብሪ ወሲኹሉ ኣምሲዩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ቤት ትምህርቲ ዛግረ፡ ትምህርቲ ቋንቋ ዓረብ ኣብ'ዚ ዝመጽእ 10ይ ዙር፡ ምስ ኩሉ ኩነታት ከም ዝጠዓዓም ብምግባርን መደባቱ ብምኽላስን ካብ 6 ወርሒ ናብ 4 ወርሒ ኣውሪድዎ ኣሎ። ብተወሳኺ እቲ ዕድል ናይ'ቲ ትምህርቲ ኣብ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ጥራሕ ኣተኩሮ ገይሩ ዝነበረ፡ ንዝኾነ ድሌት ናይ'ዚ ትምህርቲ ዘለዎ ሰብ ማዕጾኡ ክፉት ገይሩዎ ኣሎ።

ኣብ ዕለተ መመረቕታ ናይዞም ተመሃሮ፡ ንንጥፈታት ምምሃርን ምስትምሃርን ቤት ትምህርቲ ዛግረ ዘንጸባርቕ ትሕዝቶታት'ውን ቀሪቡ። እቲ ዝቐረበ ትሕዝቶታት ንባህልን ታሪኽን ንጸጋታትን ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣን ሃገርና ዝገልጽ መደረታት፡ ድራማታት፡ ደርፍታት፡ ግጥምታት፡ መዝሙርን እዩ በቶም ተመሃሮ ናብ ተዓዘብቲ ቀሪቡ። ተመረቕቲ ኣብ ሓጺር እዋን ብዘጥረይዎ ናይ ምዝራብን ምጽሓፍን ምንባብን ብቕዓት ድማ፡ ካብ ዕዱማት ኣጋይሽ ናይ ኣድናቖት ደገፍ ተፈነወሎም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ወከልቲ ተመረቕቲ መንእሰይ እምነት ሃብተማርያም ኣብ ዘስመዖቶ ቃል፡ ንጻዕርን ተወፋይነትን መምህራን ቤት ትምህርቲ ዛግረ ድሕሪ ምምስጋን፡ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ከፊቱሎም ንዘሎ ርሒብ ዕድል መጕሳ። እቲ ዝወሰድዎ ስልጠና ዋላ ደኣ ማጠረ. ይኹን እምበር፡ ኣብ ሂወቶም ዓቢ ዝኣ ከም ዘለዎ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዚ ትምህርቲ ዓቕሞምን ድሌቶምን ንምዕባይ ኣብርቲዖም ከም ዝጽዕሩ'ውን ገሊጻ።

ክቡራት ኣንበብቲ፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ብዛዕባ እዚ ትምህርቲ ኣመልኪትና ኣብ'ቲ ዕለት ምስ ተመረቕቲ ዕላል ኣካይድና ነይርና። ፈለማ እቲ ምምሃር ምስትምሃር ከመይ ከም ዝነበረ፡ ብሓፈሻ ትምህርቲ ቋንቋ ዓረብ ዘለዎ ረብሓን ዝተወከስናዮም መንእሰያት ሓበን መሓርን ፈልሞን ኣፈወርቅን ካብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግረሽንን ዜግነትን እዮም።

ንሳቶም፡ እቲ ትምህርቲ ኣገዳሲ ጸቡቕ ከም ዝነበረን ከም'ቲ ብደገ ኰይንካ እትርእዮ ዘይከቡስ ምስ ኣተኻዮ ኣገዳሲ ሱሓቢ ትምህርቲ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ተገዳስነቶም ስለዝተወሰኾ ዳርጋ ኩላቶም ተመሃሮ ክጽሕፉን ክዛረቡን ከም ዝበቕዑ ገሊጾም። ብፍላይ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን፡ ኣገዳስነት ቋንቋ ዓረብ ኣዝዩ ልዑል ምስ ምዃኑ፡ መንእሰያት ክፈልጥዎን ክመሃርዎን ከም ዘለዎም እዮም ጠቒሶም። ንሕና ኤርትራውያን ከም ሃገር ኣብ ከም ብዓል ሱዳን፡ ግብጺ፡ ሶማል፡ ጅቡቲ፡ ስዑድያ፡ የመን.... ዝኣመሰሉ ሃገራት ኣብ ዙርያናን ከበብኣንን ስለእንርከብ፡ ብቐረባ ዝበጽሓና ቋንቋ ከም ዝኾነ ብምግላጽ፡ ኣብ ስራሖም ኣብ ክፍሊ ኢሚግረሽንን ዜግነትን ቋንቋ ዓረብ ዓቢ ቦታ ከም ዘለዎ ሓቢሮም።

ብተወሳኺ፡ ምስ ናይ ወጻኢተኛታት ተገልገልቲ ብዝዩ ጸገም ንኽረዳድኡን ስራሖም ብዐወት ንኽፍጽሙን ኣዝዩ ሓጋዚ ብምዃኑ፡ “ንዑ'ባ ስምዑለይ እንታይ እዩ ዝበል ዘሎ” ካብ ምባል ከም ዘድሕኖ'ውን ገሊጾም።

ብሓፈሻ፡ ንዝኾነ ናይ ወጻኢ ተገልጋሊ ዜጋ በቲ ንሱ ዝርደኦ ቋንቋ ክትዛረቦን ኣገልግሎት ክትህቦን እንተለኻ ዘለዎ ረብሓ ግዚፍ ምስ ምዃኑ፡ እዚ ትምህርቲ'ዚ ብሰፊሕ ክወሃብን ክቕጽልን ከም ዘለዎ ተላቢዮም። ምምሃር ቋንቋ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ እትውንኖ ቋንቋ ኣደኻ ካልእ ቋንቋ ምኽኣልን ምምላኽን ስለ ዝኾነ፡ ክንዲ ክልተ ሰለስተ ሰብ ከም ዝገብረካ ጠቒሶም።

ኣሰዒብና ዘዘራረብናዮም ተመረቕቲ ሄርሜላ ዘካርያስ ካብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ኤርትራ፡ የናታን ኣለም ካብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ድሕነት እዮም። ካብ'ዚ ትምህርቲ እንታይ ከም ዝቐሰሙን ከም ዝረብሑን ኢና ድማ ተወከስናዮም።

ንሳቶም፡ ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ትምህርቲ ብምዃኖም ንብሶም ከም ዕድለኛታት ከም ዝቖጽሩዋ ብምግላጽ፡ ኣብ'ዚ ናይ ቀዋሚ 'ለበል' ትምህርቲ መምህራኖም ዘርኣይዎ ተወፋይነት ኣዝዩ ዝኣድ ብምንባሩ፡ ከም መምህራኖም ዘይኮኑስ ከም ኣዕሩኽቶም ስለዝርኣይዎም፡ እቲ ትምህርቲ ብዝዩ ዝኾነ ጸቕጢ ንኽስዕብዎን ክርድእዎን ሓጊዙ ምንባሩ ገሊጾም። ኣብ ሓድሕድ እቶም ተመሃሮ ዝነበረ ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ፡ ኣብ ግዜ ምምሃርን ምስትምሃርን ልምምድን ንኽደጋገፉ ከም ዘኽኣሎም'ውን ሓቢሮም። ብሓፈሻ ኩይንካ ምምሃር ዘለዎ ረብሓታት ዓቢ ምዃኑ ብምሕባር ድማ፡ ከም መንእሰያት ርእሰ ምትእምማን ንኽተጥርዩ ደራኺ ከም ዝነበረ ኣረዲኦም። ዝ. ቋንቋ'ዚ ምምሃሮም፡ ከም ህዝብን ሃገርን ዓበይቲ መኽሰብት ከም ዘለዎ ብምጥቃስ፡ ጸጥታን ሰላምን ከባቢ ኣብ ምውሓስን ምስ ካልኦት ዜጋታት ኣብ ዝግበር ናይ ስራሕ ርክብን ኣገዳሲ ምዃኑ ገሊጾም።

ቀጺልና ዘዘራረብናዮም ፈሩዝ ፍረዝጊ ካብ ቤት ጽሕፈት ሚ/ሪ ሕርሻ፡ ዳኒኤል ከበደ ካብ ሚ/ሪ ፍትሒን እዮም። ንሳቶም፡ ሳላ ጻዕሪ መምህራኖም ነቲ ትምህርቲ ብምምላኽ ኣብ'ቲ ዝደለ ደረጃ ከም ዝበጽሑ ብምጥቃስ፡ ቋንቋ ዓረብ ዓለም-ለኻዊ ቋንቋ ብምዃኑ ኣስተዋጽኦኡ ኣዝዩ ልዑል ምዃኑ ሓቢሮም። ከም ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ እዚ ትምህርቲ'ዚ ኣገዳሲ ምዃኑ ብምርዳእ፡ ተመሃሮ ኩላቶም ኣብ ሓደ ቦታ ዝሰርሑ ብምዃናም፡ ከይተሰከፉን ከይተሓፋፈሩን ነቲ ትምህርቲ ከም ዝተኸታተልዎን ዘለዎም ሓሳባት ከም ዝተለዋወጡን ገሊጾም። “ክፈልጦን ክሕዞን ኣሎኒ ኢልካ፡ ብወኒ እንተ ደኣ ተበጊስካ ቀሊል'ዩ” ዝበሉ እቶም



ሓበን መሓሪ



ሄርሜላ ዘካርያስ



ዳኒኤል ከበደ



ፈሩዝ ፍረዝጊ

መንእሰያት፡ ዝ. ትምህርቲ ቀልጢፎም ንኽሕዝዎ ከም ዘይተሸገሩ'ውን ሓቢሮም። ንሳቶም ኣብ መወዳእታ፡ ቅልል ዝበለ መጽሓፍቲ ናይ ቋንቋ ዓረብ ብምንባብን ጋዜጣ ኣልሓዲሳ ብምክትታልን ቪድዮታት ናይ ቋንቋ ዓረብ ብምርኣይን ብዝይ ስክፍታ ብምዝራብን ኑቦሶም ከም ዘዕበዩ'ውን ተዛሪቦም።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ተመረቕቲ፡ ካብ ኣድ ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ኮ/ል መሓሪ ጺጋይ፡ ሓላፊ ኢሚግረሽንን ዜግነትን ኮ/ል ተስፋሚካኤል ሃብተን ከምኡ'ውን ሓ/ምም/ ፋይናንስን ዞባ ማእከል ኣቶ ተከኤ ቀለታን፡ ወረቐት ምስክር ተዓዲሎም። ኣማስያኡ ድማ፡ እቲ መደብ ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ኑራ መሓመድ ሓገስ መሓመድ ሰዒድ፡ ተኸሳሲ ብዑበል ቤተይ ዓብዱሰላም መሓመድኑር ዓብደልወሃብ ክሲ ተማሲራቶልካ ስለ ዘሎ፤ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣብ መሓሪ ዘርኡጋብር፡ ተጸዋዕቲ ወረ/ፍ/መብራት ዘርኡጋብር፡ ናይ ለዋ ምጽዳቕ ስለ ዘለኩም፡ 1.1.1 ፍ/ኣለም ሃብተጼን መሓሪ 1.1.3 ምሕረት ሃብተጼን መሓሪ 1.1.5 ቴድሮስ ሃብተጼን መሓሪ 1.1.7 መትከል ሃብተጼን መሓሪ 1.1.10 1.1.13 ዳዊት ሃብተጼን መሓሪ 1.2.1ደርጋኣለም ተኽለማርያም 1.2.2 ፍ/ ሳምሶም ተኽለማርያም 1.2.3 ፍ/ ኣይዳ ተኽለማርያም 1.3.3 1.4.2 ፍጹም ኣብርሃም 1.3.6 1.4.1 የውሃንስ ገረዝጊሄር 1.4.2 ቢንያም ገረዝጊሄር 1.4.3 ኣድያም ገረዝጊሄር 1.4.4 ልዋም ገረዝጊሄር 1.4.5 ቶማስ ገረዝጊሄር 3.2 ንጸህቲ ገረዝጊሄር 4.7 ፍ/ ተኽለማርያም ተወልደመድህን 4.8 ፍ/ በርሀ ተወልደመድህን፤ ኣሞይ ብዕለት 23/12/1999 ኑቲ ኣብ ኣስመራ ዞባ 4 ምም/11 ቁ/ሎታ 18 ፓርቸላ 1.2 ቀንዲ ክፍልታትን 2 ተሓጋገዝትን ዝበረትለይ ለዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ኣብ መንነ ብፍ/በ/ማሳል ኣቶ ቶማስ ተኽሉብርሃን ገብረያሱስን ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ኣና ዑቕባማርያም ዘርኣን ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ኣና ዑቕባማርያም ዘርኡ፡ ኣድራሻኺ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ/41 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ኣብ መንነ ኣቶ ሲሞን ተስፋይ ወልዱን ተኸሰስቲ 1. ኣቶ ቢንያም ተስፋይ ወልዱ 2. ኣቶ ፊሊፕ ማሲማ ዘሎ ናይ ሸርክና ክርክር፡ ተኸሳሲ ቁ/2 ኣቶ ፊሊፕ ማሲማ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ 28/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ/41 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ከሳሲ ወረ/ፍ ተወልዱብርሃን ተስፋገርገሽ፡ ተኸሰስቲ ፍ/ግርማይ ተወልደብርሃን ተስፋገርግሽ 2. ዋርካ ግርማይ 3. ሓበን ግርማይ 4. ሓረት ተወልደብርሃን ተስፋገርገሽ 5. ምሕረት ተወልደብርሃን 6. ፋና ተወልደብርሃን 7. ኣበባ ተወልደብርሃን ወኪል ኣቤል መንግስትኣብ ተወልደብሃን፡ ናይ ምቅሊት ውርሲ ክሲ ተማሲራቶልኩም ስለ ዘሎ፡ ተኸሰስቲ 2ን3ን ደንቢ ግርማይ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን28/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

መሰፍን ገብረኣብ ጋርዩ፡ ወረ/ፍ/ሮግኣት ኣስፍሃ ኣድሓኖም፡ ተጸዋዕቲ ወረ/ፍ / ሮግኣት ኣስፍሃ ኣድሓኖም 1. ሳሌም ገብረኣብ ጋርዩ 2. ኤደን ገብረኣብ ጋርዩ 5. ብሩኽ ገብረኣብ ጋርዩ፡ ወኪል እልልታ ገብረኣብ ጋርዩ፡ ናይ ምቅሊት ውርሲ መዝገብ ተኸፊቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 10 ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ብፍ/በ/ማሳል ኣቶ ሳሙኤል ዑቕቢት ሓደጎ፡ ንብፍ/ሰብ ዕዳ ህድኣት ሰለሙን ገብረኪዳን 1.ተኽሉ እያሱ ዑቕባዝብርኤል 2. ወረ/ፍ/ ኢልሳ ዑቕቢት ሓደጎ 2.1 ፍስሃየ ዑቕቢት ሓደጎ 2.2 ኣማኑኤል ዑቕቢት ሓደጎ 2.3 ንጸሃ ዑቕቢት ሓደጎ፡ 2.4 ኤፍሬም ዑቕቢት ሓደጎ፡ 2.5 ኣስመረት ዑቕቢት ኣሃደጎ፡ 2.6 ምጽላል ዑቕቢት ሓደጎ፡ 2.7 ራህዋ ዑቕቢት ሓደጎ፡ 2.8 ሚርያም ዑቕቢት ሓደጎ፡ ንዓኹም ዝምልከት ናይ ፈጻሚ መዝገብ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ/41 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ለተብርሃን ተስፋይ ክፍሉ፡ ኣጮና ፍ/ዓንደማርያም በርሀ ሰረቀን ኣዴና ሂወት ተኽለ እምኑቱን ስለዝዐረፉ፡ ናይ ኣጮና 1. ሂወት ዓንደብርሃን በርሀ 2. ክብራ ዓንደማርያም በርሀ 3. ጴጋይ ዓንደማርያም በርሀ 4. ስወእ ተኽለኣብ ዓንደሚያም በርሀ ተተኪእቲ ደቁ 5 ፍ/ ኣብርሀት ዓንደማርያም በርሀ ተተኪእቲ ደቃ 6 ንግስቲ ዓንደማርያም በርሀት 7. ዘሙይ ዓንደሚያም በርሀ፤ ናይ ኣዴና ከኣ 1. ለተብርሃን ተስፋይ ክፍሉ 2. ክብራ ዓንደብርሃን በርሀ 3. ጴጋይ ዓንደማርያም በርሀ 7. ዘሙይ ዓንደማርያም በርሀ ወረስቲ ምኻኝና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/ 32 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሂወት ተስፋይ ወልደሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ መብራህቱ ተኪኤ ጉዕላይ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ወይኒ ስምኦን ዘሞ፡ ኣደይ ኣበባ ተወልደ ናይዝጊ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ናትናኤል ዑቕባይ ገብረእግዚኣብሄር፡ ምባል ተሪፉ፡ ናትናኤል ዑቕባሚካኤል ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሉተማርያም የማነ ኣበበ ምባል ተሪፉ፡ ለምለም የማነ ኣበበ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳህለ እምባየ ወ/ስላሴ፡ ወልደስላሴ ካሕሳይ፡ ሃይለ ካሕሳይ፡ መኣዛ ካሕሳይ፡ ትብለጽ ካሕሳይ፡ ሰላስ ካሕሳይ ተተኪእቲ ደቆምን ደቂ ደቆምን 272 ወረስቲ ምኻኝና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 20/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ኣስቴር ጸጋየ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ብርሃነ ጸጋየ ወ/ስላሴ +9፣ ናይ ምቅሊት ውርሲ ዝምልከት ጉዳይ ስለ ዘለኩም፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን13/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡

ወ/ሮ ልዋም ብርሃነ መሓሪ፡ ማዕበል ብርሃነ መሓሪ ምባል ተሪፉ፡ ፍትሓዊት ብርሃነ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብርሃለይ ዘርኣይ፡ ስም ኣደይ ኣልጋሽ ስብሃቱ፡ ብርሃነ ምባል ተሪፉ፡ ኣልጋሽ ወልደስላሴ ብርሃኑ፡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዑቕባማርያም ስምኦን ዘርኡ ምባል ተሪፉ፡ ፊልሞን ስምኦን ዘርኡ፡ ስም ኣደይ ቅዱሳን ባሕሪጊሲ ብርሃነ ምባል ተሪፉ፡ ቅዱሳን ኣስፋው ብርሃነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሂብል ገ/እግዚኣብሄር፡ ኣቦይ ገ/እግዚኣብሄር የውሃንስ ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ብፍ/በ/ማሳል ወረ/ፍ/ሄር ኣብርሃጼን ኣስፍሃ ገብረማርያም፡ 1. ወ/ሮ ፍረወይኒ ሰዩም ገብረእግዚኣብሄር 2. ኣቶ ፍጹም ሰዩም ገብረእግዚኣብሄር፡ ናይ ፍ/በ/ ዕዳ ወረ/ፍ/ሄር ኣርብሃጼን ኣስፍሃ ገብረእግዚኣብሄር 1. ወ/ሮ ሉቲና ሰዩም ገብረእግዚኣብሄር 2. ኣቶ ሰለሙን ሰዩም ገብረእግዚኣብሄር 3. ኣቶ ኣማኒኤል ሰዩም ገብረእግዚኣብሄር 4. ወ/ሮ ጽገሬዳ ሰዩም ገብረእግዚኣብሄር፣ ንዓኹም ዝምልከት ናይ ፈጻሚ ጉዳይ ስለ ዘለኩም፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ወ/ሮ የርሳሌም ኤፍሬም ገብረትንሳኤ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ኤፍሬም ገብረትንሳኤ፡ ናይ ኣዋት ክሲ ማሰሪታ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ዛይድ ተስፋዝጊ ተወልደመድህን፡ ብዓል ቤተይ ዑቕባሚካኤል ተኽለሃይማኖት ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቃ ከኣ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ኣቶ ፍናን ገብረእግዚኣብሄር የሴፍ ምባል ተሪፉ፡ ለኣከማርያም ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ የሹ ዘርኡ ዓንደገርግሹ፡ ብዓል ቤተይ ዑቕባሚካኤል ገብረስላሴ ተስፋሚካኤል፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 5 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲት የዲት ኣብርሃም ማሰፍን፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም ማሰፍን ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣንገሶት ሃይለማርያም ተስፋሂወት ምባል ተሪፉ፡ ኣርያም ሃይለማርያም ተስፋሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ማሕሙድ መሓመድ ኑር ኢብራሂም ጃብር፡ ሳዑዲያ መሓመድኑር ሓምድ ምባል ተሪፉ፡ መኻ መሓመድ ኑር እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ወ/ሮ ፍዮሪ መንግስቱ፡ ተጸዋዒ በረኸት የማኔ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተማሲራቶልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ኣዳሽ ዓንደብርሃን ዘወልዱ፡ ሰበኣየይ ካብ 2005 ክሳብ ሕጂ ን20 ዓመት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጓለይ ከኣ መንነት ከተውጽእ ስለ ዝደለየት፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ግርማይ ዳዊት ኣስፍሓ ብሕጋዊ ወከሉ በረኸት ሃብቱ በርሀ፡ ኣሞይ ጽጋይ ኣስፍሃ ብርሃነ ብህያብ መልክዕ ቀዋሚ ንብረት ኣብይቲ ኣብ ከተማ ከረን ምም/ከባቢ 02 ዚፕ ኮድ 6K-1955 ብመለለዪ ቑጽሪ ንብረት 6BRKRN001139/0 ዝፍለጥ ብቤት ጽሕፈት ካዳስተር ዝተጻሕፈ ስፍሓቱ 125 ት/ሜትር ኣብ ልዕሊኡ 2 ክፍሊ ሓደ ክሽነ ሓደ ሽቓቕ ምስ ካሽሎ ዘለዎ ብናጻ ብድሌታ ብውህበቶ ስለ ዝሃበትኒ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ቤ/ፍ ን07/05/26 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ተረዛ ተስፋማርያም ገብሩ፡ ብዓል ቤተይ ተለንት መብራህቱ ወልደማርያም የሴፍ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኣሚነ ክብሮም ገብረዝጊ፡ ወለደይ ኣቶ ክብሮም ገብረዝጊ ኣብራይን ወ/ሮ ሉታይ ተስፋገርግሽ ሰረቐን ብዕለት 08/02/2019 ኑቲ ኣብ ከተማ ከረን ከባቢ 05 ዞን 02 ብሎክ 66 ፓርሰል O ተመዝጊቡ ዝርከብ ስፍሓቱ 300 ት/ሜትሮ ዝኾነ ብመልክዕ ህያብ ዝሃቡኒ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ትምኒት ተዓገስ ጴጋይ፡ ብዓል ቤተይ መም/ተሸመ መሓሪ ተስፋይ ስለዝተሰውኡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸለሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጽገሬዳ ወልዳይ ሳርያም ምባል ተሪፉ፡ ጽገሬዳ ወልዳይ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣድያም ገብረሂወት ሃይሉ፡ ስም ኣደይ ወለሽ ተኽለሃይማኖት ተስፋጻየን ምባል ተሪፉ፡ ወለሽ ተኽለ ተስፋጻየን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ንሕና ወረስቲ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ፋራሲግ ቁ/ገዛ 71 ፕሎት AST00001064-284 ፕሎት 224 ፓርሰል ASP00024241- E ስፍሓት መሬት 383.00 sq.me ቁ/መዝገብ 019476 ዚፕ ኮድ 1A756 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብስም ነ/ሄርት ኣበባ ገብረእግዚኣብሄር ተስፋ፡ ብውርሻ ናብ ስምና ክንመሓላለፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓዋሚ እንተዘይ ቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር፡፡

ተጋ/ ሃብተሚካኤል ገብረእግዚብሄር ተስፋ+4

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሰምራዊት መለሰ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

1. **Position: Senior Drill & Blast Engineer for Sub Level Caving**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Asheli Underground**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- The Senior Drilling & Blasting Engineer is responsible for planning, designing, and optimizing drilling and blasting activities in Asheli Underground operation. This role ensures safe, efficient, and cost-effective extraction while meeting production targets and complying with all regulatory standards.

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Improve Development and production efficiencies**

- Production of short term and long-term explosives budgets for the mine
- Develop detailed underground drill and blast designs; production, development, raise, and stope blasting.
- Optimize fragmentation, dilution, and wall control
- Conduct filed inspection, drilling and blasting performance analysis and continuous improvement.

**Overall reduction of explosives cost per ton**

- Improve production and development efficiency to enhance cost effectiveness
- Track KPIs: drilling meters, powder factor, cost/tone, fragmentation index.
- Troubleshoot issues such as misfires, overbreak, poor fragmentation, or excessive flyrock.

**Provide training for sustainability of attained efficiencies**

- Monitor and control explosives usage to reduce explosives costs
- Mentor and coach the Junior Engineer team.

**To uphold Explosives/Mining Regulation**

- To provide specialized advice on drilling and blasting operations
- To provide designs on stopping and development and set targets of powder factors.
- Provide effective and timely service to production sections
- Manage subordinate development and training for continuity of operations
  Responsible for Communication on explosives management
  - Attend all training programs organized by either Mining training or the Operating sections themselves.
  - Responsible for reviewing, updating and re-writing standard procedures on drilling and blasting operations.
  - Responsible for all matters pertaining to personnel working in blasting section

**Health, Safety and Environment**

- Drive health, safety and environment standards/policy awareness and practice in the Department to ensure compliance.
- Oversee explosive storage, transport, handling, and inventory control.
- Prepare and review risk assessments, standard operating procedures.
- Lead incident investigations related to drilling or blasting.

**Additional Duties**

- Adhering to all other assignments that are given that are lawful and fair

**Unique Requirements / Other Information**

- Requisite attributes necessary to perform the role in terms of BMSC core Values.
- The candidate always be organized, competent, dependable, and responsible.
- Provide knowledge training and experience sharing to team members and the workforce.
- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Bachelor's degree in mining engineering<br>• Specialized Training/ certification in underground drilling and blasting techniques is an asset | • In depth knowledge of Explosives, drilling and blasting engineering for underground mining.<br>• Strong knowledge of underground mining methods.<br>• Minimum 5 years' drill & blast engineering experience and other related certification skills.<br>• Proven experience in Senior Supervisor role or equivalent leadership.<br>• Hands-on experience with underground explosives implantation and safety.<br>• Experience in zinc or other base metal mining is essential.<br>• Knowledge of plan, design, schedule, control, and direct workloads involving drilling and blasting Engineering. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Computer Literacy<br>• Conversant with Microsoft Office Suite (Outlook, Excel, Word, Microsoft Project, and Power Point) Deswik, Surpac and other basting software's.<br>• Strategic planning, strong project management and planning skills.<br>• Budgeting.<br>• Plan, organise, and execution.<br>• Strong safety mindset and risk assessment capability.<br>• Analytical and Problem-solving skill.<br>• Technical Report writing. | • Good oral and written communication skills<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment.<br>• Ability to conduct Engineering matters to various levels.<br>• Ability to work under pressure and achieve project milestones.<br>• Self-starter, Drive, and enthusiasm<br>• Developmental orientated<br>• Passion for accuracy and perfection in delivery<br>• Excellent leadership skills. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

# Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **HR & Admin Superintendent** |
| **Number required** | **1** |
| **Location:** | Based at Koka Gold Mine (Zara) |
| **Reporting to:** | **HR & Admin Manager** |
| **Primary Responsibility & Scope of Work** | To lead person in the delivery of human resource services with specific responsibility for providing information to other HR staff and company employees regarding policies and regulations; addressing a variety of issues and providing general support; overseeing the maintenance of records, files, and databases of personnel actions, evaluations, matters; and assisting the HR Manager in ensuring that personnel functions conform to all applicable regulatory requirements. |
| **Duties:** | - Develop, plan, and implement the department's goals and objectives; recommend and administer policies and procedures.<br>- Direct and participate in developing the department's work plan; assign work activities, monitor workflow, and review and monitor work products, methods, and procedures.<br>- Participate in budget development and administration; assist in forecasting funds needed for staffing.<br>- Participate in the selection and orientation of personnel; approve the appointment of personnel.<br>- Provide administrative support to the HR Manager and act in the HR Manager's absence.<br>- Direct and approve the selection, transfer, and promotion of ZMSC manpower staff.<br>- Interpret personnel policies and regulations, including warnings, dismissals, and disciplinary procedures, and support the HR Manager for correct procedures. Assist staff regarding individual personnel issues.<br>- Ensure the department's compliance with pertinent governmental Labor and other laws, rules, regulations, and policies.<br>- Respond to and resolve complex and sensitive inquiries and complaints regarding recruitment, selection, policies, and procedures.<br>- Attend and participate in professional groups and committee meetings.<br>- Prepare weekly, bi-monthly, monthly, semi-annually, and annual HR reports.<br>- Perform other duties instructed by the HR Manager. |
| **Formal Education, Certifications, or Equivalents** | - Bachelor's degree in human resources management or equivalent. |
| **Working Experience – Nature & Length** | - Over Eight years of work experience in a similar role. Proven experience and skill in applying HR procedures pertaining to recruits, tracking work hours, leave disciplinary procedures, etc. |
| **Leadership Experience - Nature & Length of Time** | Previous experience as HR Supervisor is beneficial. |
| **Other skills and abilities** | Extremely detail-oriented, proactive, and organized with strong Microsoft Office skills.<br>Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures and areas of the business, including internal and external. |

**Salary: according to the Company's salary scale.**

**Additional Requirement for nationals**: Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence. Provide clearance from the current/last employer. Applications should be sent through the Post Office.

Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application will not send to the sender.

**Address: Please mail your applications to Zara Mining Share Company. P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea.**

Note to Eritrean applicants: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

The deadline for application is 07 days from the day of the announcement

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

20 ክፉልን መወዳእታን

> “ዓይነት ህይወት ሓደ ሰብ ኣብዩ ዓውዲ ክሰርሕ ምርጫ ኣለዎ ብዘገድስ ምስ ተወፋይነት ብቕዓቱ ቀጥታዊ ምትእስሳር ኣለዎ።” - **ቪንስ ሎምባርዲ**
>
> “ደርኺት እቲ ነቓሒቑ ዘዋዝዋካ እዩ፡ ተወፋይነት ከኣ እቲ ብሓይሊ ከም እትሕንብብ ዝገብረካ እዩ።” - **ጂም ሮን**

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ንጥፈት፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስጉምቲ እትወስደሉ … ብምሉእ ተወፋይነት ትሰርሕ ምህላውካ ኣረጋግጽ። ዋሕዚ ዓወት ብቐሊሉ ዝረጋገጽ ኣይኮነን። ገለ ሰባት ሓንሳእ ምስ ተዓወቱ ቀልጢፎም እዮም ናብ ምዝናይ ገጾም ዘምርሑ፡ ከም ሳዕቤኑ ቀልጢፎም ናብ ምጥፋሽ ገጾም የንቈልቍሉ።

ሓደስቲ ጸጋማት ኪጋጥሙኻ እንከለው፡ ቀልጢፍካ ክትድህል ኣይግባእን። ሓደስቲ ጸገማት ኪጋጥሙኻ እንከለው፡ ሓደስቲ ፍታሓት ንኽትምህዝ እዮም ዝድርኹኻ። እዚ ተመሊሱ ናብ ዝለዓለ ብልሕን ዓወትን ይወስደካ።

ጸገም ዘጋጥሞ ሰብ ብኸመይ ከም ዝተዓጻጸፍ ክፈልጥ ኣይክእልን እዩ። ጸገማት ኪጋጥሙኻ እንከለው፡ ዕቤት ተመዝግብ ከም ዘለኻን ጸቡቕ ኣንፈት ሒዝካ ከም ዘለኻን ጸቡቕ ምልክት እዩ።

## ዋሕዚ ዓወት



ናይ መብዛሕትኡ ሰብ ጸገም ዝኸውን ዘሎ፡ ብዙሕ ንዕኡ ዘጋጠሞ ጸገም ክሓስብን ክጭነቕን ስለ ዝውዕል ዘሎ እዩ። ብዙሕ ዘየለ ጸገም ምሕሳብን ምጭናቕን ማለት ኑቲ ዝኸበረ ሃብትኻ ዝኾነ ግዜኻ ንኸንቱ ምብኻን ጥራይ እዩ። ኣብ መጠረሽታ ኸኣ ንነዕኢ ርእስኻ ኢኻ እትብድል።

ኣብ ሓደ ጸገም ጥራይ ሸንኮል ምባል፡ ንቕድሚት ገጽካ ንኸይትሕንብብ ሓሊኹ እዩ ዝሕዞ። ኑቲ ሉሚ ክትኣልዮ እትኽእል ጸገም ኩቶ ከተሕድሮ ኣይግባእን። ጸገም ቀልጢፉ እንተ ዘይተኣልዩ ኣብ መወዳእታ ልክዕ ከም እዛ መፋጥርትኺ ኣብ ውሽጥካ እዩ ዝነብር።

ወፋያት ሰባት ብዘኾነ ጸገም ኣይርዕዱን እዮም። እኳ ደኣ ካብ ዝኾነ ጸገም ዝያዳ በሊሖም እዮም ዝወጽኡ። ዘይዕወታት ሰባት ተወፊኻ ምስራሕ ስለ ዘይለመዱ፡ ካብ ምስ ጸገም ዝፋጠጡ፡ ንእሽቶ ስራሕ ኣበርኪቶም ንዝዓኦም ብ‘ሰላም’ ክምለሱ እዮም ዝመርጹ።

ወፋያት ሰባት ደርማስ ስጉምቲ ኣብ ምውሳድ ዓይናም ስለ ዘይሓስዩ ቀጻሊ እወታዊ ለውጢ የመዝግቡ። እዚ ተመሊሱ ቀጻሊ ደርማስ ስጉምቲ ክወስዱ ከም ዘለዎም የተባብዖም። በዚ ድማ ንዋሕዚ ዓውቶም ቀጻልነቱ የረጋግጹ።

ኣብ ዓለምና ሽቕለት ኣልቦነትን ፈናንሳዊ ዘይርጉጽነትን ቀጻሊ እናበኣሱ ይመጽኡ ከም ዘለው፡ ብርክት ዝበሉ መጽናዕትታት የረጋግጽዎ ኣለው። ከም ሳዕቤን ናይ እዚ፡ ብዙሓት ሰባት ካብ እቲ ዝበጽሕዎ ደረጃ ወሪዶም ክፍጽብጡ ደረሳዩ። ብመንጽሩ ካልኦት ቀጻሊ ኣብ መላእ ዓለም ትካሎም ምስፍሕፋሕ ዝርከቡ ድማ ንዕዙብ ኣለና።

ገለ ሰባት ካልኦት ሰባት ክፍጽብጡ ክርእዩ እንከለው፡ ከም መደዓዓሲ ንፍሽሎቶም ጊደሮም እዮም ዝቖጽርዎ። እዚ ኩቶ ቅቡል ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ንምጭባጥ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት ከም ቅቡል ክትወስዶ ኣይግባእን።

ተዓጻጻፍቲ ሰባት ተነጺብሮም እናበልካዮም፡ ብኹሉ ንቡኡ እዮም ዘስፋሕፍሑ። እቲ ምንታይሲ፡ ንምጭባጥ ኩቶ ኣይቕበልዎን እዮም። ካብኡ ንምውጻእ ከኣ ኩሉ ዓቕሞም ኣዋዲዶም ይሰርሑ።

ዝኾነ ሰብ ብዝኾነ ኣጋጣሚ ክፍጽብጥ ይኽእል እዩ። ብኹሉ ኣበሉ ተነጺብጡ ክተርፍ ግዳ የብሉን። ተነጺብጡ ንኸይተርፍ ከኣ ንዝኾነ ዘጋጥሞ ጸቡቕ ዕድል ምሉእ ብምሉእ ክጥቀመሉ ይግባእ።

ኣብ ዓለምና ዋላ ሕማቕ ይኹን ጸቡቕ የጋጥም ብዘገድስ፡ መብዛሕትኡ ሰብ ደርማስ ስጉምቲ ኣብ ምውሳድ ትብዓት የብሉን። ኣብ ህይወት ዘጋጥመካ ጸገም እትከላኸለሉ፡ እተዝልቐሉን እተጥቅዓሉን እዋን ምልላይ ጸቡቕ እዩ። ኣብ እቲ ክትከላኸለሉ ዝግበኣካ እዋን ምጥቃዕ እንተ ጀሚርካ፡ ኣብ ሓደጋ ክትወድቕ ትኽእል ኢኻ፡ ኣብ እቲ ክተጥቅዕ ዝግበኣካ ግዜ፡ ምዝላቕ እንተ ጀሚርካ ኣሮማይ ፈሺልካ ማለት እዩ፡ ክንዲ ዝኾነ፡ መዓስ እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ክትወስድ ከም ዘለካ ምፍላጥ፡ ንመጻኢ ህይወትካ ኣብ ምውሳን ዓቢ ግደ እዩ ዘለዎ።

ግዜኻ ንዋዒሕ እዋን ኣብ ምክልኻል እንተ ኣሕሊፍካዮ፡ ናብ ተሰፋ ምቍራጽን ምስልኻይን ገጹ ክመርሓካ ይኽእል እዩ፡ ክንዲ ዝኾነ፡ እቲ ናይ ምክልኻልን ምዝላቕን ግዜ እንተ ሓጺረ ተመራጺ እዩ። ድሕሪ ሓጺር ግዜ ናብ ምጥቃዕ ወይ ምስፍሕፋሕ ክተምርሕ ይግባእ።

ገለ ትካላት ኣብ ሓጺር ግዜ ብቕልጡፍ ስለ ዝተመጠጡ፡ ከም ዝፈሸላ ንስምዕ ኢና። የጉዳስ ትካላት ኣብ መጥቃዕቲ ስለ ዝተሳተፋ ኣይኮነን ዝፈሸላ፡ ኑቲ ዝምጠጥኦ ደረጃ እኹል ምድላዋት ከይገበራሉ ብምጽንሐን እዩ፡ ናብ ፍሽለት ዝወድቓ፡ ከም ሳዕቤኑ እተን ትካላት ክዕብልላስ ይትረፍ፡ ኣብ ዝበርኦ ደረጃ ክቐጽላ እውን እየን ዝጸገማ።

ንዓቕምኻ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ኣብ ቀጻሊ ምምጣጥ ምጽማድ፡ ዝያዳ ደርኺትን ሓይልን እዩ ዝፈጥረልካ። ንኻልኦት ኣብ ከበቢኻ ዝርከብ ትካላት ኣርኣያ ክትከውን እውን ትኽእል።

ካልኦት ኣብ ዝፍጽብጡሉ ንስኻ ክትምጠጥ ምኽኣል ቀሊል ኣምር ኣይኮነን። እዚ ኣምር ኣብ ክዉንታዊ ዓለም ከተተግብሮ ምሕር ኣጸጋሚ ዲሲፕሊን እዩ። ዘይከኣል ግዳ ኣይኮነን።

## ኣስፋሕፍሕ - ኩቶ ኣይትጨበጥ

እቶም ንኣምር ዋሕዚ ዓወት ብዝምልከት ዝተግዝሙ ሰባት፡ ምስ ዓወት ኩቶ ኣይብተኹሉን እዮም። ንሱቶም ቀጻሊ ኣብ ኣእምሮኦም ብዙሕ ዓወት የሰላስሉ። ብዙሕ ዓወት ቀጻሊ ደብሉሓቱ። ዋላ እንተ ፈሸሉ፡ ኑቲ ፍሽለቶም ንዝያዳ መንጠሪ ናብ ዝዓበየ ዓወት ይጥቀምሉ።

እቶም ዝያዳ ዕወታት ተማሂሮ ካልኣይ ደረጃ ክሕዙ ኩቶ ኣይወሓጠሎምን እዩ። እቶም ዝያዳ ዕወታት ስፖርታውያን ንዝኾኑት ውድድር ብዘይዋንጫ ክሓልፍዎ ኩቶ ኣይወሓጠሎምን እዩ። ዕወታት ትካላት ብዝኾኑት ኣብ ከርናዕ ዓለም እትርከብ ትካል ክዕብለሉ ኩቶ ኣይወሓጠሎምን እዩ።

ዕወታት ሰባት ብዝኾነ ኣዕናዊ ነቓፈታ ይኹን ወቐሳ ኢዶም ዝህቡ ኣይኮኑን። ንዝኾነ ዝቐርበሎም ነቓፈታ ብዝምልከት ብምምማይ፡ ኑቲ ሓቅነት ዘለዎ መዳይ ዓይናም ከይሓሰዩ ይቕበልዎ። ተቐቢሎም ብተግባር ይእርምዎ። ከም እዚ ዝገብሩሉ ምኽንያት፡ ኑቶም ነቓፍቲ ንምሕጓስ ወይ ንምጉሃይ ኣሎም ዘይኮኑ፡ ቅድም ቀዳድም ምእንቲ ንነዕኢ ርእሶም ክርብሑ ኢሎም እዮም።

ነቓፈታ ፈሪሕካ ዘይትጅምሮ ወይ ጀሚርካ እተቋርጾ ስራሕ ክህሉ ኣይግባእን። ኑቲ ካብ ልቦኻ እትኣምነሉ ዕዮ ከይተሓለልካ ኣብ መፈጸምታኡ ከተብጽሖ ይግባእ።

ከተስፋሕፍሕ እንከለኻ ብኹሉ ንቡኡ ዝተጸበኻዮምን ዘይተጸበኻዮምን ነቓፍቲ እዮም ዝወርሩኻ። ንሸኻ ግዱ ኣብ እቲ ደርማስ መጥቃዕትኻ ጥራይ ከተተኩር ይግባእ። ነቓፈታ ፈሪሕካ ካብ ምስፍሕፋሕ እንተ ኣቋሪጽካ፡ እቲ ጸገም ስለ ዘስፋሕፋሕካ ዘይኮኑ ናትካ ናይ ትብዓት ጕድለት እዩ።

ዕወታት ሰባት ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት ምጭባጥ ኣይብርህዎምን እዩ። ኣብ እቲ ዝተዋፈሩሉ ዕዳጋ ብቐንዕና ተወዳዲሮም ብዓወት ንኽወጽኡ፡ ኣብርቲዖም ይሰርሑ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ንፈጠራውነቶም እውን ቀጻሊ እዮም ዝዕብዩዎ። ብኹሉ መጠን ዓማዊሎም ኩብበዘሐ፡ ዝተፈላለዩ መተባብዒታት ክህብዎ ይኽእሉ።

ንጸገምካ ወይ መሰናኽልካ ደጋጊምካ ተጥቕዖ እንተ ደኣ ኼንካ፡ ናይ ምዕዋት ዕድልካ ኣዝዩ ልዑል እዩ ዝኸውን። ንመሰናኽልካ ዓውነው ኣብልካ እንተ ደኣ ኣፍሪስካዮ፡ ዝያዳ ናይ ምስፍሕፋሕ ተኽእሎ ይህልወካ።

ገለ ሰባት ንምስፍሕፋሕ ብኣሉታ ጥራይ ዝርእይዎ ከም ዘለዉ ርዱእ እዩ። ንሱቶም ንምስፍሕፋሕ ምስ ስስዕ እዮም ዘተሓሕዝዎ። ስስዕን ምስፍሕፋሕን ግዱ ኩቶ ዘራኽብ የብሉን። እቲ ከስፋሕፍሕ ዓቕሚ ዘለዎ እኮ እዩ ዝያዳ ናይ ምልጋስ ብቕዓት ዝህልዎ። እቲ ቀጻሊ ዝፍጽብጥ ሰብ ደኣ ከመይ ኣብሉ እዩ እሞ ንነዕኢ ርእሱ ዘይከውን ንኻልኦት ክልግስ ዝኽእል።

እቶም ዕወታት ዝበዝሑ ሰባት ተዓሚኒቶም ብሰባት ኣይምርሓሉን እዮም። ንሱቶም ኣብ ክንዲ ብሰባት ዝምርሑ፡ ንሰባት ክመርሑ እዩ ዝሰልጦም። ብኸምኡ እዮም ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ቅድሚት እትርእዮም።

በቲ ቅኑዕ ኣገባብ እዩ ዝበልካዮ ኣብልካ፡ ኑቲ ዝጀመርካዮ ምስፍሕፋሕ ደፍኣሉ። ደርማስ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ኩኡ ኩቶ ኣይተቋርጽ። ካልኦት ሰባት ዝበሉ እንተ በሉ፡ ንድሕሪት ገጽካ ክትምለስ ክትደናደን የብልካን።

ኣብ ትምህርቲ ልዑል ተጕዳስኻ እንተ ደኣ ሃሊዩኻ፡ ክሳብ መጠረሽታ ኢኻ ክተስፋሕፍሕ ዘሎካ። ናብ ዝለዓለ ደረጃ ምሕኳር ጥራይ ዘይኮኑ፡ ብዝተዋደደ ዓሚቝ መጽናዕቲ ክትገብር እውን ይግባእ። ምህር ተባሂልካ ኣብ ሓደ ደረጃ ምስ በጽሓካ ተጨቢጥካ ትዕሽድ እንተ ኼንካ፡ ከም ዝጠፍኣካ ኢኻ እትቕጽር።

ደረሲ እንተ ኼንካ ልዕሊ ኣንባቢትኻ ንብዕልኻ ትገህ ኣንባቢ ክትከውን ይግባእ። እቲ ብዙሕ ከዖንበበ ክጽሕፍ ዝበለጸ ደረሲ፡ ምሕር እዩ ብኣንበብቲ ዝፍንቕ። ዳግማይ ናቱ መጽሓፍቲ ከየንበበሉ ክሳብ ምምሓል እውን ክበጽሑ ይኽእሉ።

ንፋዕ ደረሲ እንተ ኼንካ ቀጻሊ ከተስፋሕፍሕ ኣሎካ። ንምርምርካን ንንባብካን ቀጻሊ ኣስፋሕዮምን ኣዕምቝዮምን። ንትዕዝብትኻ ቀጻሊ ከተብርኾ ክትክእል ኣሎካ። ንሸኻ እተደንቐ ወይ ከም ናትካ ኣርኣያ እትጥምቶ ንፋዕ ደራሲ እንተ ሃለወካ ጸቡቕ እዩ። ናቱ ቅዓሕ ኳንካ ከይትተርፍ ግዱ ልዑል ጥንቃቐ ክትገብር ይግባእ።

ኣብ ዝኾነ ሞያ ተሳቲፍ ብዘገድስ፡ ቀጻልነት ዓወትካ ኣብ ምርግጋጽ ሰፍ ክትከውን ኣይግባእን። ዋሕዚ ዓወትካ ብዝኾነ መሰናኽል ከይገጥናደብ ካፍካ ንላዕሊ ኣለይ መለይ ዝበሎ ክህሉ ኩቶ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ክንዲ ዝኾኑ፡ ናይ ዝኾነ ሰብ ጽግዕተኛ ከይኮንካ፡ ብናትካ ብቕዓትን ምብልሓትን ኣብ መንገዲ ዓወት ክትወናጨፍ ኣሎካ።

ዕወታት ሰባት፡ “ካብ እናተጨበጥኩ ክመውት፡ እናስፋሕፋሕኩ ክመውት እመርጽ።” በሃልቲ እዮም። ምጭባጥ ኩቶ ሕርያኻ ክኸውን ኣይግባእን። ካብ መዝበርካ ብድድ ኢልካ እሞ ተንስእ፡ ናበይ ገጽካ ከተስፋሕፍሕ ከም ዘሎካ እናሰላሰልካ ካብ ገዛኻ ውጻእ። ኣብ መንገድኻ ብዙሓት ዘይተጸበኻዮም ፈጠራውያን ኣተሓሳስባታት ናብ ኣእምሮኻ ወትፍ ክብሉኻ ይኽእሉ እዮም። እቶም ሓሳባት ንመላእ ህይወትካ ዝልውጡ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ንምዝላቕ ብዙሕ ኣተኩሮ ኣይትግበረሉ። ክተዝልቕ እንተ ኼንካ ድማ ንሓጺር ግዜ ጥራይ እዩ ክኸውን ዘለዎ። ቀልጢፍካ ደርማስ ስጉምቲ ብምውሳድ ናብ ቅድሚት ገጽካ ክትውንጨፍ ኣሎካ። እወ ዝያዳ ስጉምቲ እናወሰድካ ምስፍሕፋሕካ ከተውሕስ ዝከኣለካ ግበር።

ጸጋትካ፡ ጻዕርኻ፡ ፈጠራውነትካ ከምኡ እውን ውልቀ መንነትካ ካብ እቲ ሰባት ዝፈጥርዎን ማሽን እትሓትሞን ገንዘብ ይኸብር። ክንዲ ዝኾነ ብሕጽረት ገንዘብ ካብ ዝኾነ ይኹን መደብካ ክትተርፍ ኣይግባእን።




**መወከሲ፡-** BIG MAGIC

- THE PSYCHOLOGY OF MONEY
- AWAKEN THE GIANT WITHIN
- THE POWER OF FULL ENGAGEMENT
- LAW OF SUCCESS
- MASTERY
- START WITH WHY
- GIVE AND TAKE
- THE 10X RULE

> “ክሳብ ንኽተማዕብሎ ምሉእ ተወፋይነት እትገብር ንኽእለትካ ብዝምልከት ክትፈልጥ ኩቶ ኣይትኽእልን ኢኻ።” - **ካርል ደወክ**
>
> “ተወፋይነት ናብ ተግባር ይመርሕ፡ ተግባር ከኣ ንሕልምኻ ኣብ ምዝዛድ ይሕግዘካ።” - **ሚርያ ዌልደር**



# ዳየሪ



ሱራፌል ተስፋብሩኽ

ረቡዕ 07 ነሓሰ 2024

08 : 04 ድ.ቐ. – እምባትካላ

## ክረምቲ ኣብ እምባትካላ

ዳየረይ፡ ብርዕይ ካብ ምጭባጥን ምሳኺ ካብ ዘየዕልልን ኣዋርሕ ኣቝጺረ፡፡ ሎሚ ግን ንኣይን ንኣኽን ዘራኽብ ተረኺቡ፡፡ እኖኹ ‘ኢንስቱሪመንታል’ ዝዓይነቱ ‘ክላሲካል’ እናሰማዕኩ ብርዕይ የንጠብጥበልኪ፡፡

ናብዚ ቦታ ካብ ዝመጽእ ወርሐይ ኣቝጺረ ኣለኹ፡፡ ንሰለስተ ወርሒ ዝቐጽል ስልጠና ስለ ዘሎኒ እየ ኣብዚ ዘለኹ፡፡ ሓቂ ይሓይሽ፡ እዚ ቦታ መጀመርታ ምቖት መሲሉኒ ነይሩ፡፡ ብኣንጻሩ ግን እቲ ዝበለጸ ኩነታት ኣየር እዩ ክትብሎ ዘድፍር፡ ካብ ከበሳ ዛሕሊ ካብ ምብራቓዊ ቀላ ድማ ዋዒ ተዋሃሂዱ ኣዝዩ ምቹእ ኩነታት ኣየር ዘለዎ፡ ኩሉ ግዜ ልሙዕ እዩ፡፡

ብዝኾነ ኣብዛ ሰዓት እዚኣ እቲ ቀንዲ ምሳኺ ከዕልል ዘደፋፍኣኒ፡ ካብ ዝወግሕ ኣትሒዙ ጀለም ክብል ዝወዓለ ማይ፡ ኣብ ኣጋ ጸሓይ



ምዕራቡ፡ ንጸሓይ ግደኺ እዩ ክብላ ዝደለየ ይመስል፡፡ እታ ብወገን ምዕራብ ዘሎ ጎቦታት ተሓቢኣ ዝጸንሐት ጸሓይ ጩራታታ ሰዲዳ ነቲ ዝነበረ ጀለምታ ማይ ከተህደኦ እኳ እንተ ፈተነት፡ እቲ ዘየቋርጽ ጀለምታ ሓንሳእ ኣዕሪፉ ድሕሪ ናይ ሰዓታት ጻንሖት ቀጸለ፡፡

እዚ ክኸውን ከሎ ግን ኣብዚ ቦታ ዝልወጥ ነገር የለን፡፡ ቊሪ ኲይኑ ኢልካ ኣይትድርብ፡ ምቑት ኲይኑ ኢልካ ኣይተርቅቕ፣ ኣዝዩ ህዱእን ምቹእን ኩነታት ኣየር እዩ ዘሎ፡፡ ነዚ ጽባቐ እዚ ከስተማቕር ዝተዓደልኩ ኣነ ድማ ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ኣብ ኣፍደገ መነበሪና፡ ላዕላይ ደርቢ፡ ብምኻን ነዚ ዘሎ ጀለምታ ዝናብ እናተዓዘብኩ ሓንሳእ ሓንሳእ እውን ናብ ገጸይ ዝነጥብ ሃጽፊ እናኣስተማቐርኩ ሓንጐለይ ክድሰት ይፍለጠኒ ኣሎ፡፡

እዚ ቦታ ዝተፈላለየ ቅርጺ መሬት ዘውንን ብጎቦታት ዝተዓብለለ ጸዳፍ እዩ፡፡ ጸሓይ እንክትዓርብን እንክትበርቕን፡ ኣብቲ ጎቦታት ዝፍጠር መልክዕ እቲ ከባቢ ፍሉይ ትርኢት እዩ ዝሕዝ፡፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ኣዝዩ ተሃራፍን ተፈታውን ይገብሮ፡፡

እምባትካላ ቅድሚ ምምጽአይ፡ “ኣብ ኣስመራ ጣዕሚ ክረምቲ ከየስተርማቐርኩ እዛ ክረምቲ ክሕላፋ እየ፡” ክብል ቀንየ፡ ብግብሪ ግን እምባትካላ ክልተኡ ኩነታት ኣየር እትውንን ኲይና፡፡ ባህርያዊት ‘ስቲም’ እንተ በልናያ ምግናን ኣይኲነን፡፡ ኣዝዩ ብሉጽ ጸጋ ዝሓዘለት፡ ምቹእ ኩነታት ኣየርን ልሙዕ ኣከባቢ ዝወቀበትን ንእሽተይን ተፈታዊትን፡ ካብ ኣስመራ ኣስታት 37 ኪ.ሜ. ርሒቓ ተደኲና ዘላ ሓንቲ ካብ ዓድታት ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ እያ፡፡ ናይ እምባትካላ ግዜይ ምስ ጻዕቂ ትምህርቲ ኲይኑ ኣንጊህካ ተሲእካ ናብ ቊርሲ ካብ ቊርሲ ናብ ክፍሊ፡ ካብ ክፍሊ ናብ ምሳሕ፡ ካብ ምሳሕ ንእሽተይ ኣዕሪፍና ናብ ክፍሊ ክንብል ከይተፈለጠና ልዕሊ ወርሒ ኣቝጺርና ኣለና፡፡ ኣብዚ ውሽጢ ወርሒ ዘስተማቐርኩዎ እዚ ካብ ኲነ፡ እናጠዓመን እናመቀረን እምበር እናመረረ ዝኸይድ ክንደየናይ ከይህሉ፡፡


ዮርሳሌም ኤልያስ

ክፍሊ ትምህርቲ ክ/ሰ 71

ቀዳም - 23 ሕዳር 2025

11 : 38 ድ.ቐ. – ኣስመራ

## ዕልልልል . . . .



ሳንዱተይ ዕልል በሊ! ተረዲእኪ ኣሎ፡ ዕልልል ጥራይ ንበል፡፡ ሎሚ ዘይዓለልና ደኣ ንመኣስ ክኾነና ኢሉ፡፡ እንታይ እሞ ለይቲ እንተኾነ፧ እዋን ዘይብሉ’ኳ ዝእው፡ እዚ ግዳ ዕልልታ፡፡ ኣጆኺ ኣይትሰከፊ፣ ድሓር ከኣስ ኣነ ጥራይ እንድኣለይ ክሰምዓኪ፡፡ እዋይ ንስኺስ፡ ክሳዕ ሎሚ ኢኺ ግዲ ዘይተላመድኪ፡፡ ድሓን ግዲ የብልክን፡ ምስ ደጋገምኪዮ ከትጸርዩ ኢኺ፡፡ መዳፍርቲ እንተ ኰንኩኺዶ ክሕግዘኪ፧ ሃየ በሊ ብሓንሳብ ንበል፡ ሓደ፡ ክልተ፡ ሰለስተ፣ ዕልልልልልል.... ኣሰይ! ከምኡ እየ ዝበልኩኺ፡፡

“እንታይ እዩ እቲ ኣሰናንኪ ጫሕ ምስ በለ፡ ኣፍኪዶ ምሕታም ኣብዩኪ ሓቀይ፧” ዶ ትብልኒ ኣለኺ፧ ምቍጽጻሩ ዘጸገመኒ ሓጐስ እንድኣሉ ከምኡ ገይሩኒ፡፡ ድሓር ከኣስ እዚ ጽቡቕ ኣሰናንየ ንሕጂ ዘይኰነ ንመኣስ ክኸውን ኢሉ እዩ፡፡ ብሓጐስ ክስከር ከም ዝከኣል ብዕላል ዕላል እሰምዕ ነይረ፡፡ ሓቂ እዩ ግዲ፧ መቸም ከምዚ ዘለኹዎ እንተ ኰይኑ እቲ ምስካር፡ ብርግጽ ሓጐስ ኣብ ርእሰይ ደዩቡ ውነይ ክሳዕ ዘስሕት ገይሩኒ ኣሎ፡፡

ሳንዱተይ፡ መርዓ ናይ ኣሩ መሓዛይ ኣኺሉ ኣብ ምሽብሻብ ከም ዘለና ነጊረኪ ነይረ እየ፡፡ እሰምዓኪ ኣለኹ፡ “ሽዓ ዝኣተወትኪ ንፋስ እንድያ ደኣ...፧” ዲኺ ዝበልኪ፧ ኣንቲ ሳንዱተይ፡ ኣሩ መሓዛይ ክንደይ ፈተነ ኣሕሊፋ ኣብዚ ምብጻሓስ ከመይ ኣየሐጐሰን! ኵሉ ፍሩይ ይኹን ደቂቕ ክፋል ህይወትና ንሰኺ ዘይትፈልጥዮ የለን፡፡ ኣብ መንጎዩን መንጎኣን ዝተርፍ ሓደ ክልተ ዝሓባእናልኪ ነገራት ኣሎ፡፡ ሕጂዶ ክሕሱ ኲይነ! ከም ዘይትቕየምለይ ኣንዳዕዲዐ ግዲ ፈሊጠስ፡ ካባኣ ናብኣ ገይረያ፡፡ እንታይ እሞ፡ መኣስ ተኸዊልኪ ኲይኑ፡፡ ጠዋዊቕኪ ከተውጽእዮ ስለ ዘይመረጽኪ ኢኺ እምበር፡ ብኢደ ዙርሲ ዘየኣንፈትኩልኪዶ ኲይነ እየ፡፡

“ንስኺ ዲኺ ትምርዓዊ ዘለኺ ዋላስ መሓዛኺ፧” መሳርሕተይ ዝበሉኒ እዩ፡፡ ሓቀም! እቲ ዝሓለፈቶ ኣነ እምበር ንሳቶም መኣስ ይፈልጡዎ፡፡ ብፈተና ክትወድቕ ከላ፡ ብጓሂ ክትርመስ እንከላ፡ ክትበሳጮ ከላ ንኣሩ ኣይፈልጥዋን እዮም፡፡ እቲ ሽዑ ዝነበረቶ፡ ኣነን ንሳን እምበር መን ኣሎ ዝፈልጦ፧ ስለዚስ እዚ ናይ ሕጂ ፍሽኽሽኽይ ‘ስኒ ዓሻ’ መሲሉ እንተ ተራእዮም ኣይሕዘሎምን እየ፡፡ ሓቂ እስኪ ተዛረቢ ሳንዱተይ፣ ክሳዕ ክንድ’ዚ ክሕጐስ ኣይግበኣንን ድዩ፧ ትሓዩሸ እባ!

እውይ ሳንዱተይ ሸኮር፡ ክዳን መሓዙትን መርዓትን ክንደሊ፡ ንመርዓት ዘድሊ ነገራት ክንሸማምት ዘሎ ኲለል ኣይንርኣዮ እዩ፡፡ ሳላ ሓጐስ እዩ ዘይርደኣኒ ዘሎ እምበር ድኻምሲ ኣሎዎ፡፡ ነገሩ ግን ንኣሩ ዘይኰነ ኣይኹን እዩ፡፡ ምቸም፡ ዝሰምዓኒ ዘሎ ስምዒታት ክይገልጸልኪ ቃላት ይውሕደኒ ከም ዘሎ ኣስተውዒልክለይ ትህልዊ ኢኺ፡፡ ኣይገርመክን፣ እዚ ኣብ ምሉእ ኣካላተይ ፈሲሱ ዘሎ ሓጐስ ኣብ ክንዲ እዛ ሌፎ መልሓሰይ ኲይኑ ባዕሉ ይዛረብ ኣሎ፡፡ ንግዜኡ ሓሓጺር እንተ ኣዕለልኩኺስ ዝኸተትኩኺ ከይመስለኪ፡፡ ከምቲ ዝበልኩኺ፡ ብሓጐስ ከምቲ ሓደ ኲይነ ኣለኹ መሰለኒ፡፡ ምስ ነፈስለይ ኣዕልል ክቐንየኪ እየ፡፡ ኣሩ ሕጽኖታ ወዲኣ ክሳዕ ትምለስ ደኣ እንታይዶ ኣሎና እዩ፡፡ ከይረሳዕኩዎ ከኣ እባ፣ ንኸይጽምወኒ “ሓደራ፡” ኢላትኒ ኣላ ኣሩ፡፡

በዚ ኲይኑ በቲ፡ “ዘቐስንሉ ሓዳር ይግበረሎም! መባልይቲ ይግበሮም!” ኢሎም ድዮም ዝምርቑ ወለዲ፡ ኣነ’ውን ንሳ እያ ምርቓይ ከምኡ ይግበረሎም፡፡ “ኣሜን!” በሊ ሳንዱተይ፡፡ “ሰኣን ኣሜን ይሓልፍ ምርቓ፡” ተባሂሉ እዩ፡፡ ምስኣ ኣልግብ ኣቢልኪ ከኣ ዕልልልል...!

ኣስቴር የማነ (ሳማራ)

## ኣብ ዕረፍተይ

16 ለካቲት 2025

11: [illegible] ድ.ቐ.



ረቢሸኪዶ ብጸይተይ፧ ኣማስየ እየ ገዛ ኣትየ፡፡ ክቱር ድኻም ግዲ ኲይኑ ድቃስ ኣብዩኒ ኣሎ፡፡ ብዕረፍቲ ኣማኸንየ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ዝኸድኩዎ መገሻ ከም ዝተጸበኹዎ ኣይጸንሓንን፡፡ ናይ ትምህርቲ ዕረፍቲ ክብሃል ከሎ፡ ኣብ ዝኽርታተይ ዝቐጀል ብዙሕ’ዩ፡፡

ዝኽረይ እንተ ቀረበ መገዲ 45 ደቒቕ ከይድካ ብሕቑኻ እትጓርቶ ማይ፣ ዕንጨይቲ ክንኣሪ ከይድና ንእግረ መገድና እንግልኦም ዝነበርና፡ ወሓለ ከሻኒ እንተ ረኺቦም ዝመቀሩ ዝኾኑ ኣሕምልቲ በረኻ፡ ሓምሊ ጊደበሉ፡ ሓምሊ ኣድጊ፡ ወዘተ ዝዘቕበበ’ዩ፡፡

ምስታ ተወሊደ ግና ዘይዓኹኩላ ገጠራዊት ዓድና ዘሎኒ ምትእስሳር፡ ኪንዮ ፍቕሪ ሰጊሩ ብዘመናዊ መተግበሪ’ውን ከረጋግጾ ምኽኣለይ፡ “ነገር መዳሕንቲዶ ይኸውን፧” ዝብሎ መዓልቲ ውሑድ ኣይኲነንን፡፡ ሎሚ ግን ኣይከም ቀደምን፡ ዛንታ ሕሉፍ ምውካስ ጥራይ ኲይኑ፡፡ ኪንዮ’ቲ ብምዕባለ እግሪ እግሪ ከተማታት ምስዓቡ፡ ንእስነተይ ከዘኻኽረኒ ዝኽእል ግርህነት ዝዓብለሎ ግዜ ቁልዕነተይ ዝኾነ ጸወታታት ደሃዮም ሃሲሱኒ፡፡ ኣብ ከተማ ኣሎ ዝብሎ፡ ኣብዚ’ውን ኣሎ፣ ፍልልዩ ርሕቀት ጥራይ፡፡

ደሃይ ክገብር ብዝገስገኹ፡ ጨና ኩብቲ የለ ዋላ ጨና ትኪ፡፡ በጃ ዓይንን ኣፍንጫን’ኳ እንተ በለኒ፡ ዘይምህላዉ ግን ‘ቀደም ነይሩ’ ኩብለኒ ዝደለየ ይመስል፡፡ እትው ምስ በልካ ክንዲ ዕላል፡ “ሞባይልኪ ጌም ኣሎዋዶ፧” እናበለ ተለፎን ዝማናጠል ህጻን፣ “ሺሪትዶ ክኸፍት ዝሰግር እንተ’ለኪ፡” ዝብል ኲተቴ፡፡ ብጸይተይ፡ ኣማስያይ ክምለስ ስለዝኾንኩ ሰለም ከየበልኩ’የ ኣውጊሐያ፡፡ ከም ኣላርም ኣንጊህና ክንተንስእ ዝሕግዘና ዝነበረ ተባዕታይ ደርሆ’ውን፡ ኣብ ሕጂ በጺሑ ድምጺ ናቋኡ ነዊሑኒ፡፡ ሩባን ጐላጕልን ዓድና ግን ዓይነይ ክሓጽብ ዝደለየ ይመስል፣ ወይ’ውን ትሕዞ ዘይብለይ ከይምለስ ግዲ ሰጊኡ ተፈጥሮ ዝሃቦ ኣይበቐቐለይን፡፡ ሳንዱተይ ዝተረፈ ንጽባሕ ይኾነልና፡፡ ሰላም ለይቲ፡፡

ሩት ኪሰሪ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ፖለቲካዊ ቅልውላው ኣመሪካን ኢራንን ይብእስ

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ኣራግቺ፡ ትማሊ ሰኑይ ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ድሕሪ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ኣመሪካ ዳግማይ ናብቲ ኣቐዲሙ ዝተሳዕለ ግጭት ከይትምለስ ኣጠንቂቑ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ባዕሉ ብዘጠቐነ ትማሊ ሰኑይ ብዝጀመረን "ፕሮጀክት ሓርነት" ዝተሰምየ ወፍሪ ተሓጊዙ፡ ኣብቲ ወሸመጥ ንዝተዓጽዋ ናይ ጽዕነት መራኽብ ካብቲ ማያዊ መስመር ንምውጻእ ደሰርሕ ከም ዘሎ እዩ ዝሕብር።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ኣራግቺ፡ "ወፍሪ ሓርነት ማለት፡ ወፍሪ ዕንቅፋት እዩ" ድሕሪ ምባል፡ እቲ ፖለቲካዊ ቅልውላው ወተሃደራዊ ፍታሕ ከም ዘይብሉ ገሊጹ።

ኢራን ሕጂውን ነቲ መጻብቦ ንምቁጽጻር ትጽዕር ኣላ፣ ከም ወጻኢቱ ድማ ትማሊ ሰኑይ ሚሳይላትን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ተጠቒማ ንወተሃደራውያንን ንጉዳውያንን መራኽብ ከተጥቅዕ ከም ዝፈተነት ኣመሪካ ከሲሳ።

ከም ኣካል ናይ'ቲ ፕሮጀክት፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሸውዓተ ፈጣናት ጀላቡ ኢራን መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመት ትራምፕ ክገልጽ እንከሎ፡ ኢራን ግን ንመግለጺ ናይቲ ፕረዚደንት ነጺጋቶ ኣላ።

ብዘይካ'ዚ፡ ደቡብ ኮርያን ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ኣብ ልዕሊ ንግዳውያን መራኽበን ሓደጋ ከም ዘጋጠመ ክሕብራ እንከለዋ፡ ብፍላይ ኣብ መኽዘን ነዳዲ ኢማራት ዓረብ በቲ መጥቃዕቲ ከቢድ ባርዕ ከም ዝተፈጥረ ተገሊጹ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣስታት 2 ሽሕ መራኽብ ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ተዓጽየን ከም ዘለዋ ይግመት።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኢማራት ዓረብ፡ ካብ ኢራን ንዝተተኮሱላ ባሊስቲካዊን ክሩዝን ሚሳይላትን ከም ዘበርዓነቶም ኣፍሊጣ።

ኢራን ግን፡ ንክሲ ኢማራት ኣመልኪታ ክሳብ ሕጂ ወግዓዊ ምላሽ ኣይሃበትን ዘላ።

እንተኾነ፡ ሓደ ወተሃደራዊ ብዓል ስልጣን ኢራን ንመንግስታውያን ማዕከናት ዜና ሃገሩ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኢራን ንኢማራት ዓረብ ንምጥቃዕ መደብ ከም ዘይነበራ ገሊጹ።



## ማሊ - ፕረዚደንት ሚኒስተር ምክልኻል ኮይኑ

ወተሃደራዊ መራሒ ማሊ ጀነራል ኣሲሚ ጎይታ፡ ሚኒስተር ምክልኻል ናይ'ታ ሃገር ዝነበረ ብዓል ስልጣን ብመጥቃዕቲ ዕጡቓት ድሕሪ ምቕታሉ፡ ንመዝነቱ ባዕሉ ከም እተረከቦ ተሓቢሩ።

ኣሲሚ ጎይታ ነቲ ሰጉምቲ ዝወሰደ ዘሎ፡ ጅሃዳውያን ዕጡቓት ኣብ መላእ ሃገር ዘካየድዎ ዝተወሃሃደ መጥቃዕቲታት፡ ንድሕነት ማሊ ኣብ ስግኣት ኣውዲቐዎ ኣብ ዘለወሉ እዋን እዩ።



ሚኒስትሪ ምክልኻል ማሊ ነበር ሳድዮ ካማራ፡ ኣብ ጥቓ ርእሲ ከተማ ባማኮ ኣብ ዝርከብ መንበሪኡ እንከሎ ብዝተፈጸመሉ መጥቃዕቲ ከም ዝተቐትለ ይፍለጥ።


በዚ መሰረት፡ ብመንግስታዊ ቴለቪዥን ኣብ ዝተነበ ኣዋጅ፡ ኣሲሚ ጎይታ ንካማራ ተኪኡ ሚኒስተር ምክልኻል ክኸውን እንከሎ፡ ሓላፊ ስታፍ ሰራዊት ጀነራል ኡማር ዲያራ ድማ ምክትል ሚኒስተር ኮይኑ ተመዚዙ ኣሎ።

እዚ ጀነራል ኣሲሚ ጎይታ ንሃገርን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ብሓባር ክመርሕ ዝወሰዶ ውሳኔ፡ ኣብ ተኣፋፊ እዋን ስልጣኑ ንምጽናዕ ተባሂሉ ከም ምዃኑ፡ ዝተፈላለዩ ወገናት ይገልጹ።

ግንባር ሓርነት ኣዛዋድን ምስ ኣልቃዒዳ ምትእስሳር ዘለዎ ጅሃዳውን ዝተባህሉ ዕጡቓት ጉጅለታት ብ25 ሚያዝያ ብዝፈጸምዎ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ባማኮን ካልኦት ከተማታትን ከፊላዊ ዕጽዋ ኣንቢሮም ደርጒቦ።

ብሰንኪ'ቲ መጥቃዕቲ፡ ሰራዊት ማሊ ካብ ሰሜናዊት ከተማ ኪዳል ክስሕብ ድሕሪ ምግዳዱ ከኣ፡ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ነሓሰ 2020 ስልጣን ዝሓዘ ወተሃደራዊ መንግስቲ ክጠራጠር ጀሚሩ ከም ዘሎ ይግለጽ።

መንግስቲ ማሊ፡ ምስቲ መጥቃዕቲ ምትእስሳር ኣለዎም ንዝበሎም ወተሃደራት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዘውዓለ ክገልጽ እንከሎ፡ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ኒጀርን በርኪናፋሶን ብምዃን ኣብ ልዕሊ እቶም ዕጡቓት ናይ ኣየር መጥቃዕቲ የካይድ ምህላዉ ይሕብር።




## ቻይና - ብሓደጋ ባርዕ 26 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ቻይና፡ ግዝኣት ሁናን ኣብ ዝርከብ ፋብሪካ ርችት ብዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ 26 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ 61 ካልኦት ድማ ከም ዝቖሰሉ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ፡ ፕረዚደንት ናይ'ታ ሃገር ሺ ጂን ፒንግ፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ሓደጋ ንምፍላጥ ዕሙቕ ዝበለ መርመራ ክካየድ ጸዊዒት ከም ዘቕረበ፡ መንግስታውያን ማዕከናት ዜና ቻይና ትማሊ ሰሉስ ጸብጺበን።

ፕረዚደንት ሺ ወሲኹ፡ ሰብ ስልጣን መንግስቲ ኣብ ወሰንቲ ኢንዱስትሪታት መርመራን ቁጽጽርን ሓደጋ ከሐይሉ፡ ድሕነት ህዝብን ንብረትን ከረጋግጹ ኣዚዙ ኣሎ።

እቲ ኣብ ከተማ ሊዩያንግ ኣብ ዝርከብ ኩባንያ መፍረ ርችት ዘጋጠመ ባርዕ፡ ትማሊ ሰኑይ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ እዩ ተኸሲቱ።

በዚ ኸኣ ሓላፊ ናይቲ ኩባንያ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝኣተወን ጠንቂ ናይ'ቲ ሓደጋ ይምርመር ከም ዘሎን ተገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ቻይና 1.14 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ርችት ናብ ወጻኢ ሰደድ ከም ዝገበረት ዝፍለጥ ኮይኑ፡ እዚ ድማ ልዕሊ ክልተ ሰሶ ካብ ጠቕላላ ዓለማዊ ሰደድ ርችት ከም ዝሽፈነ፡ መረዳእታ ዓለምለኻውያን ትካላት ቀጠባ የመልክት።



## ታይላንድ፡ ምስ ካምቦድያ ዝጸንሓ ውዕል ሰሪዛቶ

ታይላንድ፡ ምስ ካምቦድያ ን25 ዓመታት ዝጸንሓ ውዕል ሓባራዊ ዳህሳስ ጸጋታት ባሕሪ ከም ዝሰረዘቶ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ናይ'ታ ሃገር ገሊጹ።

ታይላንድን ካምቦድያን፡ ኣብቲ ክልቲኤን ዋንነተን ምዃኑ ዝማጎታሉ ወሽመጥ ታይላንድ፡ ነዳዲ ብሓባር ንምድህሳስ ዝኸኣለን ስምምዕ ኣብ 2001 ከም ዝኸተማ ይፍለጥ።

ይኹን'ምበር፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ንኽልተ ዙርያ ዝቐጸለ ደማዊ ግጭት ከም እተሳዕለ ኣይርሳዕን።

ታይላንድ ካብ'ቲ ውዕል ዝሰሓበትሉ ምኽንያት፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ናይ'ታ ሃገር ኣኑቲን ቻርንቪራኩል ኣብ ኀቡራዊ ምርጫ ብዝዓተዎ መብጽዓ መሰረት ምዃኑ'ዩ ዝሕብር ዘሎ።

ኣኑቲን ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ምስራዝ ናይቲ ስምምዕ ምስ ካምቦድያ ዘሎ ዶባዊ ግጭት ዝተኣሳሰር ዘይኮነ፡ ኣካል ፖለሲያዊ እዩ። 25 ዓመታት ኮይኑ ኣሎ፡ ዝኾነ ምዕባለ ከኣ ኣይተራእየን" ድሕሪ ምባል፡ ካምቦድያውን ብዛዕባቲ ውሳኔ ክትሕብር ምዃና ኣረጋጊኡ።

ካምቦድያ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ታይላንድ ካብቲ ስምምዕ ንምውጻእ በይናዊ ውጥን ምውጻኣ ዘሕዝን ምዃኑ ገሊጻ ነይራ።



ክልተኣን ሃገራት ንምልዕዓል ክልተኡ ዙርያታት ግጭት ኣመልኪተን ነንሕድሕደን ክወቓቐሳ ምጽንሐን ዝፍለጥ ኮይኑ፡ በቲ ግጭት ኣስታት 150 ሰባት ከም ዝተቐትሉን ካልኦት ኣማኢት ኣሽሓት ሰባት ከኣ ካብ ኣባይቶም ከም ዝተመዛበሉን ይዝከር።

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ሰናይ
ዕለት
6/5/2026
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ
ኣድራሻ
ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.89 ትሕቲ ቤ/ት ማርቲ ንሉተር ነበር (ዓዲሰጉል)
ቁ.ቴሌፎን 127565
ቁ.ስልኪ
08370129